# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.94 ዓርቢ 19 ታሕሳስ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ወራርቐይሕ ኮኾብን ታኼላ ቐይሕ መስመርን

ገጽ 4
ኣውስትራልያ፡ ጽኑዕ ሕጊ ዋንነት ብሕታዊ ብረት እንታይ ይመስል?



ገጽ 5
ንጊዖር!



ገጽ 11
ፈርናንደስ ድሕሪ ዩናይትድ ናብ ኢጣልያ ወይ ስጳኛ ይምነ



## ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ኣብ ኣመሪካ፡ ብሪጣንያን ኢጣልያን






ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ንብረሂወት፡ ብ14 ታሕሳስ ኣብ ዋሽንግቶን-ዲሲን ከባቢኣን ንዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ ህልው ሃገራውን ዞባውን ኩነታት ዘተኩረ ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣብዚ ኣስታት 500 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር፡ ኣቶ ብርሃ፡ ኣብዚ ዝተሓለኸን ተሃዋሲን ዞባውን ዓለምለኸን ምዕባለታት ዝርአዩሉ ዘሎ እዋን፡ ኤርትራ - ኣብ'ቲ ዘቤታዊ ፍታሕን ርጡብ ዞባዊ ምድግጋፍን ዘቐድም መትከላዊ መርገጺኣ ጸኒዓ ኀድ ብምውጋድ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ከይተሓለለት ትሰርሕ ከምዘላ ገሊጹ።

ብወሸጣዊ ሰላምን ሓድነታን እትልለ ኤርትራ፡ ውሑስ ጉደቦ ንምርግጋጽን ሳዕቤናት ግዳማዊ ምትእትታው ንምውጋድን፡ ተመሳሳሊ መርገጺ ምስ ዘለወን ሃገራት ብውህደትን ምርድዳእን ትሰርሕ ከምዘላ'ውን ብሰፊሑ ኣብሪሁ።

ንግደ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣመልኪቱ ድማ፡ ድርብ ዕማማት መኸተን ልምዓትን ንምዕዋት፡ ከምኡ'ውን ንጡፍ ሃገራዊ ሪቡሓታት ንምርግጋጽን ቅርዑይ ዝምድናታት ንምፍጣርን ዝዓይድ ጻዕሪ ንምሕያል፡ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ዶ/ር ግዴዎን ኣብዩ፡ ኣብ 2026 ክትግበር ተታሒዙ ብዛዕባ ዘሎ ዕማማትን መደባትን ንተሳተፍቲ መብርሂ ሂቡ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስን፡ ብ7 ታሕሳስ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሊድስን ከባቢኣን ሰሚናር ኣካይዶም።

ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ፡ ንተራን ኣበርክቶን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣመልኪቱ ድሕሪ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንመድረኻዊ ብልጫታትናን ብድሆታትናን ዝምጥን ንቕሓትን ውዳበን ምውናን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ብወገኑ፡ ምዕቃብ ኤርትራዊ መንነት፡ ምድንፋዕ ሓድነትን ስነትን ከምኡ'ውን ምሕያል ሃገራዊ ትካላት ካብ ቀንዲ ሃገራዊ ስትራተጂያዊ ዕላማታት ምዃኖም ድሕሪ ምብራሁ፡ ዝተመዘዘበ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታትን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓወታትን ዝምልከት መግለጺ ሂቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝ. መድረኽ ብኣድማዕነት ንምስጋር፡ ካብኦም ዝሕተት ክዝብሩ ቅሩብነት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ ሃገራዊ ሽማግለ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ብ14 ታሕሳስ ንሓለፍቲ ውዳቤታት፡ ማሕበራትን ማሕበረሰባትን ኣርባዕተ ዞባታት ከተማ ለንደን፡ 'ፈስቲቫልን ኣድማዒ ትግበረኡን' ብዝብል ኣርእስቲ ዓውደዘተ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ሱሌማን ሓሰን፡ ንዜጋታት ብዛዕባ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ንተሳተፍቲ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ተመሳሳሊ ፍጻመ፡ ካብ 15 ከተማታት ኢጣልያ ብደረጃ ጨንፈርን ንኡስ ጨናፍርን ዝተጠርፉ ኣስታት 80 ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ሃግደኤ፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ማሕበርነም፡ ከምኡ'ውን ኮሚቲ ሚድያን ዲፕሎማስን፡ ብ14 ታሕሳስ ኣብ ትግባረ መደባት ሰራሕ ዘትዮም።

ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ሚላኖ ዝተኻየደን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ ዝተሳተፎን ርክብ፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል፡ እቲ ዕላማ - ኩለን ውዳቤታት ትግባረ መደባተን ብምግምጋም፡ ዝዩዳ ወጽኢታዊ ሰራሕ ንምስልሳል ብውህደት ንምዝታይ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ ብወገኑ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን፡ ከምኡ'ውን ዕድላትን ብድሆታትን ናይ'ዚ ተኣታቲዩ ዘሎ መድረኽ ዝምልከት መብርሂ ንተሳተፍቲ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ ተጋባእቲ፡ ዝ. መድረኽ ዝምጥን ለበዋታትን ውሳኔታትን ኣሕሊፎም።

## ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ 2025 ዘካየዶም ንጥፈታት ዝገምገመ ርክብ፡ ብ14 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ንኡስ ጨናፍር ዝተሳተፍዎ ገምጋም፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣቶ ገብረሂወት ተስፋይን ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ኣቶ ሓሰን ኣሕመድን፡ ኣብ ህዝባውን ሲቪል ሰራሕተኛታትን ናይ ዝተኻየደ ሰራሓት ጸብጻብ ኣቕሪቦም።

እቲ ኣፍልጦን ንቕሓትን ኣባላት ክብ ንምባል ዝዓለመ መደባት፡ ሰሚናራትን ምዝርጋሕ ጽሑፋትን፡ ከምኡ'ውን ስልጠናን ማሕበራዊ ስራሕ ከምዝተኻየደ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ኣብ ምጽጋን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ምስራሕ ዛላታትን ክትርታትን፡ ከምኡ'ውን ምጽጋን መገብቲ ጽርግያታትን ከቡብያዊ ጽሬትን ልዑል ኣበርክቶ ከምዝገበረ ገሊጾም።

ካብ ህዝባውን ሰራሕተኛታትን ዝዋጻእ ክፍሊት ኣባልነት ኣብ ግዜኡ ይእከብ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሮም።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ረዘነ ሚካኤል ብወገኑ፡ ምሕያል ውዳበን ምስራጽ ንቕሓትን ብቐጻሊ ክሰራሓሉ ስለዝግባእ፡ ኣብ ህዝባውን ሲቪል ሰራሕተኛታትን ተዘርጊሐን ዘለዋ ውዳቤታት ብትግሃት ክዓያ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ መንእሰያት - ታሪኽ፡ ባህልን ክብረታት ህዝቦዊ ግንባርን ንኽወርሱ ብዕቱብ ክሰራሓሉ ከምዝግባእ ኣተሓሳሰበ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጸገማት እስትንፋስ ኣብ ድቃስ

ኣብ እዋን ድቃስ ዝረኣ ምቁርራጽ እስትንፋስ ሓደ ካብ ጸገማት ድቃስ ኮይኑ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' (Sleep apnea) ይበሃል። ኣብ እንድቕሰሉ እዋን ኣየር ዘውጽእ ላዕለዋይ ሻምብቆ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ምስ ዝዕጾ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም ምኳኑ ሱብ ሞያ ጥዕና ይገልጹ። ኣእምሮና ንስርዓት-እስትንፋስና ክቆጻጸሮ ምስ ዘይክእል'ውን ምቁርራጽ እስትንፋስ ኣብ እዋን ድቃስ ኪጋጥመና ይኽእል እዩ።

ጥዕናዊ ጸገም 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዘለዎ ሰብ፡ ደቒሱ እንከሎ፡ እስትንፋሱ ብተደጋጋሚ ክቁርጽን ክጅምርን እዩ ዝርአ። ምሉእ ድቃስ ወዲእካ ኣብ እትበራበረሉ እዋን፡ ብተደጋጋሚ ሓያል ትህንጥስን ናይ ምስልካይ ስምዒታት ይረኣየካን ምስ ዝሀሉ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ኣጋጢሙካ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣስተብህሎ።

### ዓይነታት 'ስሊፕ ኣፕኒያ'

- ዓብሲ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' (Obstructive sleep apnea)፦ እዚ ኣዝዩ ልሙድ ኮይኑ፡ ጭዋዳታት ናይቶም ኣብ ከብዲ ጎረሮና ዝርከቡ ሻምብቆ ኣየር ብዓቢኡ ምስ ዘይነጥፉ የጋጥም። እዚ ማለት፡ ደቂስና እንከለና ኣብ ጎረሮና ዝርከቡ ጭዋዳታት ይዛዘዑ'ሞ፡ ኣብ ከብቢኦም ዘለዉ ቲሹታት/ ኣካላት፡ ንጉርጉማ ይጸቕጥዎ/ ይዕፍንዎ፡ ከም ሳዕቤኑ ስሩዕ እስትንፋስ ይቆራረጽ።
- **ማእከላይ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' (Central sleep apnea)፦** ሓንጎል እስትንፋስ ንዘቆጻጽር ኣካል ሰውነትና ብዓቢኡ መልእኽቲ ምስ ዘይመሓላልፍ የጋጥም።
- **ዝተሓላለኸ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' (Complex sleep apnea syndrome)፦** እዚ እቲ ክልቲኡ ዓብስን ማእከላይን 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ምስ ዝህልወካ ዘጋጥም ኮይኑ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ።

**'ስሊፕ ኣፕኒያ' ክሳብ ክንደይ ልሙድ እዩ?**

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 30 ክሳብ 69 ዝርከቡ ሓደ ቢልዮን ህዝቢ ዓለም፡ ብዓብሲ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዝተጠቕዑ እዮም። ብማእከላይ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዝሳቐዩ ጉዳያት ኣዝዮም ውሑዳት ምኳኖም እቶም ጸብጻባት የረድኡ።

**ምልክታት**

ናይ ዓብስን ማእከላይን ዓይነት 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ምልክታት ዳርጋ ተመሳሳሊ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ'ውን በቲ ምልክታት ተዓዚብካ ንምፍላዮም የጸግም እዩ። እቲ ልሙድ ምልክታት ናይዞም ዓይነት 'ስሊፕ ኣፕኒያ'፦

- ዓው ኢልካ ምህንጣስ፣
- ኣብ ግዜ ድቃስ ብተደጋጋሚ ምቁራጽ እስትንፋስ፣
- ኣብ ግዜ ድቃስ ኣየር ንምርካብ ምዕልባጥ፣
- ኣፍካ ምድራቕ፡ እዚ ብፍላይ ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርካ ተስተብህሎ ነገር እዩ፣
- ካብ ድቃስ ኣብ እትበራበረሉ ቀጺሉ ርእሲ ምሕማም፣
- እኹል/ ልዋም ድቃስ ክትረኽብ ዘይምኽኣል፣
- ኣብ እዋን ቀትሪ ብተደጋጋሚ ትኽስ ምባል፣
- ካብ ድቃስ ኣብ እትበራበረሉ እዋን ናይ ምስትብሃልን ምዝካርን ዓቕሚ ምጉዳል፣
- ሓራቕ ምኳን፡ ገለ ካብቶም ምልክታት እዮም።

**ንስሊፕ ኣፕኒያ ተኣፈፍቲ ረቛሒታት ኣየናት እዮም?**

ን'ስሊፕ ኣፕኒያ' ተኣፈፍቲ መን እዮም?

ዝኾነ ሰብ ግዳይ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ክኸውን ይኽእል እዩ - ዋላ'ውን ህጻናት። ገለ ረቛሒታት ግና ነቲ ጥዕናዊ ጸገም የጋድድዎ።



- ከምዚ ዓይነት ጸገም ካብ ዘለዎም ስድራቤት ምውላድ፣
- ጥዕናዊ ኩነታት ልቢ፡ ወቕዒ ወይ እናለዓለ ዝኸይድ ጸቕጢ ደም፣
- ምግዛፍ ዓቐን ሓናት፣
- ምኽሳዕ።

**ብዘወሳኺ፦**

- ልዕሊ ንብር ክብደት፦ ኣብ ሻምብቆታት ኣየር ዝሀሉ ዘየድሊ ስብሒ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ከኸትል ንብር እዩ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ጸገም'ዚ ዋላ ኣብቶም ንብር ክብደት ሰብኑት ኣብ ዘለዎም ሰባት ኪጋጥም ይኽእል እዩ።
- **ዘርያ ክሳድ፦** ቀጢን ክሳድ ዘለዎ ሰብ ጸቢብ ሻምብቆ ኣየር ክህልዎ ይኽእል እዩ።
- **ጸቢብ ሻምብቆ ኣየር፦** ብተፈጥሮ ጸቢብ ሻምብቆ ኣየር ሃልዩካ ክትውለድ ይከኣል እዩ። ሓናት ንሻምብቆታት ኣየር ብምዕጋት ሕጽረት እትንፋስ ከተስዕብ'ውን ትኽእል ኢያ። እዚ ብፍሉይ ኣብ ህጻናት እዩ ዝርአ።
- **ወዲ ተባዕታይ ምኳን፦** ደቂ ተባዕትዮ ብክልተ ወይ ሰለስተ ዕጽፊ ካብ ደቀንስትዮ ብ'ስሊፕ ኣፕኒያ' ክሽገሩ ይኽእሉ። ዝበዝሕ እዋን 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ንጽፈተ-ጽግያ ኣብ ዝበጽሓ ደቀንስትዮ እዩ ዝርአ።
- **ዕድመ፦** ዕድመ እናወሰኽካ ክትከይድ እንከለኻ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ኪጋጥመካ ዘለዎ ተኽእሎ እናዓበየ ዝኸይድ። እዚ ዓይነት ጸገም'ዚ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ካብ 50 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ጊዜ ይርአ።
- **ሽጋራ ምትካኽን ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ምኳንን ፦** ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ጠንቂ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ምኳኖም ኣይተዘንግዑ።

**'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዝፈጥሮ ሓልኪታት**

'ስሊፕ ኣፕኒያ'፡ ሓያሎ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ገለ ካብቲ ከስዕቦ ዝኽእል ሓልኪ ዕምርና መመላእታ ዘሳቒ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ገለ ንምጥቃስ፦

- ኣብ እዋን ቀትሪ ብተደጋጋሚ ምትኻስ ከስዕብ ይኽእል። እዚ ምስ ኩነታት ስራሕ ተዛሚዱ ክርአ እንከሎ ከቢድ ክሳራ፡ ካብ ቁጠባ ክሳብ ህይወት ምስኣን ዝኣመሰለ ዕንወት ከውርድ ይኽእል። 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዘለዎም ሰባት መኪና ካብ ምምራሕ ወይ ማሽነሪታት ካብ ምእላይ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ክቖጠቡ ይግባእ።
- 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ግዳያት ዝኾኑ ሰባት ን'ኣሪትምያ' (Arrhythmia) ተኣፈፍቲ እዮም። 'ኣሪትምያ' ንትርግታ ልቢ ብዝኾነ ብሓይሊ ህርመቱ ዝልውጠሉ ጥዕናዊ ጸገም እዩ።
- 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ንልዑል ጸቕጢ ደም ዝያዳ ተኣፈፍቲ እዮም። ከም ሳዕቤኑ ሃንደበት መጉዳእቲ ልቢ ወይ ወቕዒ ልቢ ኪጋጥሞም ይኽእል።

**መእስ ናብ ዶክተር ንኸይድ?**

ኣብ ግዜ ምህንጣስ ብርቱዕ ድምጺ ምውጻእ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ጸገማት ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ኩሉ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዘለዎ ሰብ ኣይሃንጥስን ዝህንጥስ። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምልክታት ምስ ዝህልወካ ግና ናብ ሕክምና ምኻድ ኣድላዪ ምኳኑ ኣይትዘንግዑ።

**'ስሊፕ ኣፕኒያ' ብኸመይ ክንኣልዮ ንኽእል?**

ኣብ እዋን ድቃስ ምቁርራጽ እስትንፋስ ዘጋጥሞ ሰብ ናብ ሰብ ሞያ ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ ሓበሬታን ኣገባብ ክንክንን ክረክብ ይኽእል እዩ።

- ንእስትንፋስ ዝሕግዝ መሳርሒ ብክኢላታት ክእዘዝ ይከኣል እዩ።
- 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዘጋድዱ ኩነታት ኣካቢባ ከም ዝልለዩ ብምግባር መፍትሒኦም ምንዳይ።
- ናይ ኣደቃቕሳ ኣንፈት እናቐያየርካ እቲ ዝጥዕመካ ምልላይ። ኣብዚ ብሕቆ ተገምቢኻ ምድቃስ ግን ዘድገፍ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዚ ዓይነት ኣዳቕሳ ኣየር ኣብ ዘውጽኡ ሻምብቆታት ጸቕጢ ዝፈጥር ስለ ዝኾነ።




- ኣፍካ ብዘዮዮእ ከፊቱ ክጸንሖ ዝኽእል መሳርሒ ምጥቃም። እዚ ኣየር ናብ ውሽጢ ዘእቱ ሻምብቆ ብዘዮዮእ ክኽፈት ይሕግዝ።
- እቲ ኩነታት ኣዝዩ ኣሸጋሪ ምስ ዝኸውን ድማ ምስ ሓኪም ተረዳዲእካ ግቡእ መብጣሕቲ ምኻድ።

**ብዘወሳኺ ክንገብሮ ዝግብኣና ጥንቃቐታት፦**

- ልዕሊ ዓቐን ርጉዲ ብምንካይ፣
- ብኺኒ ምድቃስን ፍልይ ዝበለ መተርኣስ ምጥቃምን፣
- ምትካኽ ሽጋራ ምጉዳል ወይ ደው ምባል፣
- ልዕሊ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ዘይምውሳድ፡ ብፍላይ ቅድሚ ድቃስ፣
- ብሕክምና ክሳብ ዘይተኣዘዘልካ መደቀሲ ከኒና ዘይምውሳድ።

**'ስሊፕ ኣፕኒያ'ን ቃዘናትን**

'ስሊፕ ኣፕኒያ'ን ቃዘናትን ነጺልካ ዝረኣዩ ጉዳያት ኣይኮኑን። ሓደ ካብዞም ኩነታት ንተኽእሎታት ናይቲ ካልእ ከም ዘጋድዶ እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ።

'ስሊፕ ኣፕኒያ' ኣብ እዋን ድቃስ ዝርአ ምቁርራጽ እስትንፋስ ኮይኑ፡ ስእነት ድቃስ፡ ኣብ እዋን ቀትሪ ስምዒታት ድኻም ምርኣይ፡ ከምኡ'ውን ከቢድ ቃንዛ ርእሲ ዝኣመሰሉ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል። እዞም ኩነታት'ዚኦም መዓልታዊ ንጥፈታትካ ብዘዮዮእ ክትመርሕን ከተሰሳልን ናብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ ኩብጽሐ ይኽእሉ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ መጽናዕቲ'ውን 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ምስ ቃዘናት ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዩ ዘረጋገጸ። ብመሰረት'ቲ መጽናዕቲ 35 ሚእታዊ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ዘለዎም ግዳያት ብቃዘናት ዝተሳቐዩ እዮም።

ዋላ'ኳ ቃዘናት ሓደ ካብ ምልክታት 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ይኹን፡ ሓደ ካብዞም ኩነታት ነቲ ካልእ ጸገም ከምዕብል ኣብ ምግባሩ ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

**ምልክታት ቃዘናትን 'ስሊፕ ኣፕኒያ'ን**

ምልክታት ቃዘናትን 'ስሊፕ ኣፕኒያ'ን እናሓንጎበ ተደራረቢ ብምኳኑ፡ ሓደ ካብቲ ካልእ ንምፍላዩ ኣጸጋሚ ይኸውን እዩ።

**ኣብ ክልቲኦም ኩነታት ክረኣዩ ዝኽእሉ ምልክታት፦**

- ኣብ እዋን ለይቲ ልዋም ድቃስ ክትረኽብ ዘይምኽኣል፣
- ኣብ እዋን ቀትሪ ስምዒት ምሕር ድኻም ምርኣይ፣
- ብዓቢኡ ነገራት ክተስተብህልን ክትሓስበን ዘይምኽኣል፣
- ንነገራት ግቡእ ኣድህቦ ክትገብረሎም ዘይምኽኣል ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

**ነዞም ጸገማት ብኸመይ ንገጥሞም?**

ኣብ ገለ ኩነት 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ንምፍዋስ ንጉብሮ ጻዕሪ፡ ቃዘናት ኣብ ምእላይ'ውን ሓጋዚ ኣገባብ ኮይኑ እዩ ዝርአ። ነዞም ክልተ ኩነታት፡ ኺ ኺ'ቲ ካብ ሰብ ሞያ ጥዕና ዘወሃበና ክንክን፡ ኣብ ገዛ ክንገብሮ ዝግብኣና ሜላታት ፍወሳ'ውን ኣሎ።

ሓደ ካብኡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ እዩ። ንጥዕናና ኣገዳሲ ዝኾነ ኣመጋግባ ምኽታል'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ግዜ ቀትሪ ካብ ወጥርን ጭንቀትን ከናግፉና ዝኽእሉ፡ ንኣእምሮና ዘዘናጉ ንጥፈታት ክንገብር'ውን ተመራጺ እዩ። ካብ ግዙእ ኣወሰፍቲ ቀመማትን ኣልኮላዊ መስተን ናጻ ምኳን ቃዘናትን 'ስሊፕ ኣፕኒያ'ን ንምእላይ ዝሕግዙ ኩነታት ኣካብቢራ እዮም።

**ምንጪ፦ clevelandclinic**

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣውስትራልያ - ብረት ብውልቂ ምውናን ዘምጸኦ መዘዝ



ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ኣብ ከተማ ሰድኒ - ኣውስትራልያ፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ኣይሁድ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ፎኪስ ብረት፡ መዛረቢ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ኮይኑ ቀንዩ። እቲ ኣሰቃቒ መጥቃዕቲ፡ ዝሓለፈ ሰንበት እዩ ኣብቲ ልዕሊ 1000 ሰባት ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ከተማ ሰድኒ ኣብ ዝርከብ ብ'ቦንዲ' ዝፍለጥ ገምገም ባሕሪ ዝተዓደ ዝበረ ብ'ሃኑካ' ዝፍለጥ በዓል ናይ ኣይሁዳውያን ተፈጺሙ። በቲ መጥቃዕቲ ከኣ ብውሑዱ 15 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ድማ ቆሲሎም። ሰብ መዚ ኣውስትራልያ ድሕሪኡ ኣብ ዘውጽእዎ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብ ተግባራት ዝፈጸሙ ጥርጡራት ኣቦን ወድን ምዃኖም ብምግላጽ፡ ኣብቲ እዋን ኣቦኡ ጸጥታ እታ ሃገር ብዝለጸዎ ግብረ መልሲ እቲ ወዲ 50 ዓመት ኣቦ ክቕተል እንከሎ፡ እቲ ምስኡ ኮይኑ ነቲ መጥቃዕቲ ዝካየድ ዝበረ ወዲ 24 ወዱ ድማ ብኸቢድ ቆሲሉ ኣብ ሕክምና ተዓቂቡ ከም ዘሎ ሓቢሮም።

### ንዋንኑት ብሕታዊ ብረት ዝምልከት ሕጊ ኣውስትራልያ ተሪር ድዩ?

ኣብ 1996፡ ኣብ ወደብ ኣርተር ናይ ክፍለ ሃገር ታስማኒያ ድሕሪ ዝተፈጸመ ህይወት 35 ሰባት ዝወሰደ መጥቃዕቲ ፎኪስ ብረት፡ ኣውስትራልያ ንዋንኑት ብሕታዊ ብረት ዝምልከት ሕጊ ከተትርሮ እያ ተራእያ። ብሰንክ'ቲ ኣብ ታሪኻ ዝኸፍአ ተባሂሉ ተመዝጊቡ ዘሎ መጥቃዕቲ፡ ሓፈሻዊ ሕጊ ዋንኑት ብሕታዊ ብረት ኣብታ ሃገር ተቐይሩ እዩ። ኣብቲ እዋን ብዝወጸ ሕጊ መሰረት፡ ዝጠዝጡ ኣውቶማቲክ ዝኾኑ ጠበንጃ ተኸልኪሎም፡ ወነንቲ ፎኪስ ብረት ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ድማ ብረቶም ከመዝግቡን ሕጋዊ ወረቐት ፍቓድ ክሕዙን ተገዲዶም እዮም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዕዳጋ ዝነበሩ ልዕሊ 650 ሽሕ ሓደገኛታት ጠበንጃ እውን ተኣልዮም እዮም። ብኡ መሰረት፡ ኣውስትራልያ ኣብ'ዘን ዝሓለፈ 30 ዓመታት ሓንቲ ካብ'ተን ጽኑዕ ቁጽጽር ስርዓት ጠበንጃ ዘለወን ሃገራት ኮይና'ያ ጸኒሓ። ኣብዚ እዋን ኣብ ኣውስትራልያ ብረት ክውንን ዝደሊ ሰብ፡ ሕጋዊ ቅጥዕታት ንኸማልእ ብውሑዱ 28 መዓልታት የድልዮ። ብመሰረት ሕጊ እታ ሃገር፡ ብረት ክውንን ዝደሊ ውልቀ ሰብ ብቑዕ ምኽንያት ከምጽእ'ውን ይግደድ እዩ። እዚ ማለት፡ ዓይነት ስራሕ ወይ እዩ፡ ከም ናይ ጸጥታ ዋርድያ ተቖጺሩ ደዩ ዝሰርሕ ወይሲ ኣብ ሃድን እንስሳታትን ካልእ ንዕኡ ዝድልዩ ሕጋዊ ስራሓት' ዩ ዝጥፍ ዝብሉ ሕቶታት ክምልሰን ወረቐት ስርሑ ከቕርብን ይሕተት። ብዘይካ'ዚ፡ ኩሉ ቅጥዕታት ኣማሊኡ ምስ ወደአ፡ ንኣጠቓቕማ ብረት ዝምልከት ናይ ድሕነት ስልጠና ይወስድ። ብድሕሪ'ዚ፡ ዝኾነ ኣቕዲሙ ዝፈጸሞ ገበን ወይ'ውን ዝኾነ ናይ ኣእምሮ ጸገም ከይህልዎ ይምርመር። ኣብ መወዳእታ'ዚ ኩሉ ምስ ሓለፈ እዩ እምበኣር እቲ ውልቀ ሰብ ብረት ክውንን ዝኽእል። ይኹን'ምበር፡ ንኡሰ ምክልኻል ተባሂሉ ዝዕደግ ጠበንጃ ኣብታ ሃገር ቅቡል ኣይኮነን።

በዚ ካልእን ምኽንያት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣብታ ሃገር ኣሰቃቒ ዝኾነ መጥቃዕቲታት ፈኩስ ብረት ክካየድ ኣይጸንሐን። እንተኾነ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት፡ ጠንቁ ብገሃር ብዘይተፈልጠ ምኽንያት፡ መሸጣ ጠበንጃ ብዘዓጻጽፍ ቁጽሪ ክውሰኽ እዩ ተራእዩ።

### መልሲ ግብሪ መንግስቲ ኣውስትራልያ ነቲ መጥቃዕቲ እንታይ ይመስል ነይሩ?

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዝ ድሕሪ'ቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገራዊ ሕግታት ዋንኑት ብሕታዊ ብረት መሊሱ ንምጽናዕ መደብ ከም ዘውጽአ ኣፍሊጡ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ዘኮላሕልሕ ፍጻመ ንኸይድገም፡ ኣድላዪ ዝኾነ ስጉምቲ ንምውሳድ ድሉው ከም ዘሎ ኣረጋጊጹ። በዚ መሰረት፡ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ቁጽሪ ዝውንኖ ጠበንጃ ደረት ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ እዚ ሎሚ'ኳ ኣብ ገምገም ባሕሪ ከተማ ሰድኒ መጥቃዕቲ ፎኪስ ብረት ዘካየደ ወዲ 50 ዓመት ጥርጡር፡ ብስሙ ዝተመዝገበ 6 ሕጋዊ ጠበንጃ ከም ዝነበሮ እዩ ተፈሊጡ ዘሎ። በዚ እዩ እምበኣር፡ ኣልባኒዝ ቁጽሪ ሓደ ሰብ ዝውንኖ ጠበንጃ ምቁጽጻር ኣድላይነ ዳግመ ቁጽጽር ጠበንጃ ክካየድ ኣገዳሲነ ምዃኑ ዝሓበር ዘሎ። ነቲ ቅትለት ዝምልከት መርመራታት ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ እዋን፡ በቲ መጥቃዕቲ ካብ 10 ክሳብ 87 ዝዕድመኦም ሰባት ግዳያት ኮይኖም ከም ዘለዉ ተረጋጊጹ ኣሎ። ፖሊስ ኣውስትራልያ ድሒሩ ኣብ ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ እቶም ነቲ 'ግብረ ሽበራዊ' ዝበሎ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ክልተ ጥርጡራት፡ ብዕጡቕ ጉጅለ ዳዕሽ ዝተላእኩ ምዃኖም ኣፍሊጡ። እቶም ጥርጡራት ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር ናብ ፊሊፒንስ ብምጋሽ፡ ናይ ነዊሕ መዓልታት ልምምድ ወይ ትምህርቲ ኣጠቓቕማ ፈኩስ ብረት ቀሲሞም እዮም ዝብሉ ግምታት ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻብ ፖሊስ ኣውስትራልያ። እንተኾነ ኩሉ'ቲ ኣብ ፊሊፒንስ ዝተኻየደ ንጥፈታት ብጭቡጥ ንምፍላጥ፡ ጽዑቕ መርመራታት ይካየደሉ ከም ዘሎ እዩ ፖሊስ ኣውትራልያ ዝመልከተ።



ኣውስትራልያ ንዋንኑት ብሕታዊ ብረት ዝምልከት ተሪር ሕጊ እናሃለዋ፡ ኣብታ ሃገር ከምዚ ዓይነት ጃምላዊ መጥቃዕቲ ኪጋጥም ምኽኣሉ ንብዙሓት ወገናት እዩ ኣዛራቢ ኮይኑ ዘሎ። እታ ሃገር ንነዊሕ ዓመታት ክትክተሎ ብዝጸንሐት ጽኑዕ ስርዓት ቁጽጽር ጠበንጃ እያ ክትፍለጥ ጸኒሓ። ብመሰረት ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝካየድዎ ዘለዉ መጽናዕትታት፡ ኣብ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ምውጻእ ሕጋዊ ወረቐት ፍቓድ ዝርአዩ ጉድለታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሑዳት ግዝኣታት እታ ሃገር ዝረአ ሸለልትነት፡ ንኸምዚ ዝበለ ሓደጋታት ክቃልዑ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር፡ ዕቱብ መጽናዕትታት ከየካየድካ፡ ብኸመይ እዩ ኣብታ ሃገር መጥቃዕትታት ፎኪስ ብረት ክፍጸም ክኢሉ ዝብሉ ሕቶታት ክምለሱ ከም ዘይክእሉ፡ እቶም ክኢላታት ኣረጋጊጾም። ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ እውን፡ ሓደ ውልቀ ሰብ፡ ብማኪና ናይ መንበሪ ቤቱ ኮይኑ፡ ናብቲ ተሸከርከርቲ ብጾዕቂ ዝሓልፉሉ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ሰድኒ 50 ጠያይት ድሕሪ ምቱኳሱ፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ቆሲሎም፡ ኣብ ሓያሎ መካይን ድማ ዕንወት ወሪዱን እዩ። ስለዚ'ዩ እምበኣር መንግስቲ ኣውስትራልያ እቲ ተርእዮ ከይሳዕረረ እንከሎ ብቕልጡፍ ክቆጻጸሮ ዝፍትን ዘሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብቲ 'ቦንዲ' ብዝብል ስም ዝፍለጥ ኣውስትራልያውያንን በጻሕቲ ሃገርን ዝሕንበሱሉ ደንደስ ባሕሪ ናይ ከተማ ሰድኒ፡ ነቶም መጥቃዕቲ ዝካየዱ ዝነበሩ ጥርጡራት ደው ንምባል፡ ሓደ ማብቆል ሶርያ ዝለዎ ኣውስትራልያዊ ዝወሰዶ ተባዕ ስጉምቲ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም መጎስ ክረክብ ኣኺኢሉዎ ኣሎ። እቲ ንህይወቱ ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ ንሓደ ካብ'ቶም ጥርጡራት ብረት ዝመንጠለ ኣሕመድ ኣል-ኣሕመድ ዝተባህለ ወዲ 43 ዓመት ውልቀ ሰብ፡ ምስቲ ጥርጡር ኣብ ዝገበሮ ጥምጥም፡ ኣብ ክልተ ወገን ናይ ኣካላቱ ከቢድ መውጋእቲ ኪጋጥሞ ክኢሉ እዩ። እቲ ኣብ ሆስፒታል ተዓቂቡ ኣብ ደሓን ኩነታት ጥዕና ከም ዝርከብ ዝተኣገረሉ ወልቀ ሰብ፡ በቲ ዘርኣዮ ጅግንነታዊ ምንቅስቓስ ዝተገልጸ ተግባር፡ ዛጊት ካብ መላእ ዓለም ልዕሊ 2 ሚልዮን ዶላር'ውን ተወፍዩሉ ኣሎ።

ኣብ ዝተፈላለያ ኩርነዓት ዓለም ኣብ ልዕሊ እኩብ ህዝቢ ንዝካየዱ መጥቃዕትታት ፎኪስ ብረት ንምቁጽጻር፡ ብዙሓት ክኢላታት መጽናዕትታት ክካይዱ ጸኒሖም እዮም። ገለ ካብቲ ፍታሕ ኢሎም ዘቐመጥዎም ነጥብታት ከኣ፡ ሓደ ውልቀ ሰብ ፎኪስ ብረት ክውንነሉ ዝኽእል ዕድል ምጽባብ ወይ ምኽልካል፣ ሓደገኛነት ፎኪስ ብረት ኣብ ህዝቢ ምስራጽ፣ መንእሰያት ፎኪስ ብረት ከይውንኑ ምኽልካል ዝብሉን ካልኦትን የጠቓልሉ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ምስ ዘይሕጋዊ ዋንኑት ብሕታዊ ብረት ብዝተሓሓዝ መጥቃዕትታት፡ ኣብ መላእ ዓለም ዓመታዊ ልዕሊ 250 ሽሕ ሰባት ህይወቶም ይስእኑ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ፊልም "እምነተይ" |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:04 | ሞዛይክ (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜናትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም "ጽር`ታ ዓዲ" |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኣድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ንዒ ዖር!

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ግራቱ እናተኸናኸንካ እናጐልጐልካ ዝኸረመ ጸዕራም ሓረስታይ ሃገርና፡ ፍረ-ጻማኡ ዝሓፍሰሉ ወቕቲ ቀውዒ እዩ።

*ሽመረ ተኹመረ*
*ማዕጺድ ሰበረ*
*ቁልዑ ከተደርረ...*

እናበለ ዝዘርኦም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣእካል፡ ኣብ ዝበለጸ ደረጃ በጺሑ ምስ ሸውተ፡ ብርኩት ሽሻይ ንኽሓፍስ ሃንቀው እዩ ዝብል። ምኽንያቱ ኣብ'ታ ጽዕር ሓግዩ ዝኸረመላ "ትንፋሰይ እያ" እናበለ ዝጠቕሳ መሬቱ ልዑል ተስፋ ስለዘለዎ። ኣብ ዓለም ከም ሓረስታይ ኣብ መሬቱ ሓያል ርእሰ ምትእምማንን ተስፋን ዘለዎ ፍጡር መቸስ ክሳብ ሕጂ ኣይተራእየን። ስለዝኾነ እያ መሰለ ንሳ'ውን ኣኽዕብታ እትህቦ። ንሱ ምኳኑ ስለዝፈልጥ ካብኡ ተንቀለቡ ዝሕዞን እኽሊ፡ ኣብቲ ዝናብ ከርንዲት ንኸርንዲት ተወሃሂባ ርእዩኒ ትብል። ሸዑ ድማ'ዩ ኣብ ውሽጢ ቆፎ ወይ ኣብ ዝባን ዘንቀ (ሰርወ) ተሰቒሉ ዝኸረመ ማዕጺዱ ብምውራድ ኣብ እምኒ ዓረ፡ ጽንጽሕለ እምኒ ወይ ድማ ኣብ መብረድ ብምስሓል ንስራሕ ዓጺድን ጉንኣን ድልው ዝኾነሉ።



ብምውዳድን ንዘሸወተ መሸላኡ ካብ ጭፍራ ጨራሩ ክከላኸል ይጅምር። 'ዋላ' እውን ይሰርሕ። 'ዋላ' ብኣርባዕተ ጸወርቲ ኣዕኑድ (ባላታት) ኣግራብ ኣብ መሮር ዝስራሕ ሰቐላ እዩ። ዋና ግራት ንጥፍራርያ ጨራሩ፡ "ንዒ ዖር" እናበለ ኣብ በሪኽ ቦታ ኮይኑ፡



እናበለ ደጋጊሙ ይዝምርን መሸላኡ እናማዕደወ ይሕሉን። ዋላ ግራቱ ስፍሓት ይሃልዎ፡ ጸጺሒሑ ወንጭፉ ጥዋዕ እናበለ የሰንብድንን የጥርረንን። ከምኡ ኢሉ ኣብ ዝደርፈሉ እዋን፡ በቲ ሓደ ንኡሱ እናተዛረ፡ በቲ ካልእ ድማ ኣተን ንጉንዞታት መሸላ ሓረስታይ ኣደኒነን እናተኸሳብ ዝፅምጻ ኣዕዋፍ የሳጉጎን። መመለሲ ድማ፡

*ኣንታ ብዒል መሸላ*
*ዖር በሉ ዋሪ ትማጽካ ኣላ ዖር*
*በሉ፡*

እናበለ ንኡሱ ይደርፈሉ፡ ብዓል እምባይተይ ዋሪ ከኣ፡ ንድምጹ ሰሚዐን ኣብ ልዕሊ ጉንቦ መሸላ ካብ ምዕላብ ይቘጠባ። ኣብ ሰዋሩ ኣብ ዘለዉ ኣግራብ ተሰቒለን ድማ፡ ንምንቅስቓስ ሓረስታይን ሓለውቲ መሸላን ብደቒቕ ይዕዘባ። ከም ገለ ኢሉ ካብ'ቲ መሸላ ክለኻኸለን'ሞ፡ ብዕስለ ክወርራን ከጥቅዓን እውን ይጸብያን ይምህልላን። ምስ ሓላዊ መሸላን ጨራሩን ግዜ ጥራይ እያ ክትፈልየም ዘለዋ። እዚ ማለት መሬት ክምሲ ኣለዎ። ጉዳም እዩ ምስ ሓረስታይ ኣብ ህልኽን ተፋጠጥ ድፋዕ ሓለዋን እየን ዝኣትዋ። ሓላዊ መሸላ ከም ገለ ኢሉ ሓንሳብ ክውል እንተ ደኣ ኢሉ፡ ኣብ ናይ ቁሕ ሰም ግዜ ንመሸላኡ ብጭቅጫቕ-ጭቕጭቕታ ደምጽታት ተጻዋዊዐን የዕምት የብላኦ። ብፍላይ ዋሪ እንተ ደኣ ኮይነን ሰሚ መሸላ እየን። ካብ'ቲ ሕብረን እቲ ግዝብረን ስለ ዝኸፍኣ፡ ንቕልብ ዕሉተን ጥራይ ኣብ'ቲ መሮር ቀሸም ወዲ ቀሸም ኣራርዩ ንዝፈረየ ጉንቦታት መሸላ ብምስሎ፡ ብሕስዮ ኣብሉ ምጥዓሙ ዘይተርፍ እዩ። ብሓይልታት ኣዕዋፍ ዝተወረረ ግራት መሸላ ብማዕዶ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ፍርቂ ርእሱ ዝተላጸየ ቁልዓ እየን ዘምስላኦ። ዚ ስለ ዝተገዘበ እየም እምበኣር፡ ክኢላ ኣፋዊ ያታ ኣቦይ ሓዲሽ ጉብረገርግሽ ኣብ እዋን ንእስነቶም፡ መሸላ ብወራር ኣዕዋፍ ክዘሙት ምስ ረአዩ፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢሎም ወየ ዝበሉላ።

*ኮመይ ኢኺ መሸላ- መሸላ*
*ዋሪዶ ምሳኺ ወዲላ*
*ባሪቶዶ ምሳኺ ወዲላ*
*እታ ጭሩዶ ምሳኺ ወዲላ*
*መሸላ ኣንቲ መሸላ*
*ማርያም ትማሰል ኒዩራ ምስ*
*ኣኽሊላ*
*መርዓት ትማሰል ኒዩራ ተኳሒላ*
*እታ ገዝኻ ሒደት እኽሊ ዘይብላ*
*ይምሓረና ደኣ ካብ ሰደት ጸንቦላ።*

ኢሎም ነይሮም። ኣቦይ ሓዲሽ ከም'ዚ ዝበሉሉ ምኽንያት ኣለዎም። ብፍላይ ኣብ ግጥሞም፡ "ካብ ሰደት ይምሓረና ካብ ጸንቦላ" ምባሎም፡ ብሰንኪ ገበጣ ኣዕዋፍ፡ ዝበጻዕ ስኢኑ ዝሰደድ ዝበረ ሕብረተሰብና ውሑድ ብዘይምንባሩ እዩም። ጭፍራ ኣዕዋፍ ሃጉን ደርቅን ክእትዋ ከም ዝኸእላ ድማ ካብዚ ኣፋዊ ስ ግጥሚ ክንርዳእ ኣየጸግመን። ብተወሳኺ እቲ ቀደም ሕብረተሰብና፡



ዘይብሉ እዋን ኣየት ዝርካበን ካብ ኣፍ ደቂ ከለኡ ናብታ ብርኽቲ መሬቱ ዝደፍኣን። እዚ ኸኣ ካብ ሓያል ሰረተ እምነት ዝበገስ እዩ። ስለ'ዚ፡ ካብ እዋን ኣዝመራ ጀሚሩ ብምልኣተ ሓገሰ ተሰርሂቑ፡

*ንዒ ጨላየ*
*ማይ መጺኡና ማየ*
*ይሓርስ ኣለኹ*
*ደቡይ እናማዕደኹ*
*ክላ'ታ ንዓ ደሓር ጨላይ ሆኒ! ...*

እናበሉ ኒታ ለዋህ መሬቱ ዝትምትሙ። ፈጣሪ ድማ ንባህጊ ዋዜማ ክራማቱ ሰሚዑ፡ ንግራቱ ብፍርያት ጸቡቕ ገይሩ ግጥም የብሎ። ግራት፡ ብትሕዝቶ ክቡራት ኣንዝቡቱ፡ ሎሚ ከዕልለሉ ደልየ ዘለኹ ግን፡ ብዛዕባ'ቲ "ብሩኽ ዘርኢን ረዳኢ ሕብረተ- ሰብን" እናተባህለ ዝጽዋዕ ማሽላ እዩ። ኑየም ሓፈሻዊ፡ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣዝርእቲ ጉዲፍና ብዛዕባ ማሽላ እንተጸወና ወቕቱ እንደኣሉ።

መሸላ፡ ካብ ወርሒ መስከረም ንደሓር'ዩ ሐለልን ጉዝጦን ፈልዩ ክሸውት ዝጅምር። ንመረዳእታ፡ ሐለል ማለት ክሳድ መሸላ ክኸውን እንከሎ፡ ጉዝቦ ማለት ድማ ርእሲ ናይቲ መሸላ ኮይኑ፡ እቲ ሐለል ተሰኪምዎ ዘሎ ፍረ ትሕዝቶ እኽሊ እዩ። ሓረስታይ መሸላኡ ፍረ ሐዙ ምስ ሸውተ፡ ብኢጋኡ ወንጭፍ ብምስራሕን ንዘሸወተ መሸላኡ ብጥባብ ዝሕልወሉ ቦታ። ንሱ እንተ ደኣ ኣሎ፡ ሓንቲ ጭሩ ዋላ ትኾን ተንክስ ኢላ ግራቱ ክትዘምት ኣይትመጽእን። ሸዊት መሸላኡ ክትምንጥል እንተ ደኣ መጺአ ኮይና፡ ብወንጭፍ ሓላዊ መሸላ ምቑላብ ዘይተርፉ እዩ። "ንዒ ዖር" እናበለ ኣብ ዝዳምጸሉ ድማ፡ ንመቓልሕ ድምጹን ጥዋዕ ዝብል ድምጺ ወንጭፉን ሰሚዐን ካብ ግራቱ ኣርሒቐን ዝበራ ኣዕዋፍ ብዙሓት እየን። ሓላዊ መሸላ ኮይኑ፡

*ሊጓሊጓ*
*ዣ ግራተይ እሞ ኩሉላ*
*ኣብ መርዓ ጓልካ*
*ጫቝት ክሀቦ።*



ዘይኮኑ ሰፈረን ሳዕሪ ጓራተን ምስራሕን ብምዃሕን ኣርሒቐን ክሓስቦ'ውን ይግደዱ። ምኽንያቱ፡ ኣብ'ቲ ፈታዊ ምኳኑ ዝፈልጥኦ ሓጋይ ንቐለብ ጸመ- ርብዓ ዝኸውን ክዃርታ ህርድግ ስለ ዝበሎ። ሓላው መሸላ ድማ፡

*ኣንቲ ዋራዋሪ*
*እንታይ ትድረሪ*
*ቆሎ መሸላ*
*መን ዝሓረሶ*
*ሓረስታይ፡ ሓረስታይ- ሓረስታይ*
*ዓደና*
*ሓረሱ ዝሀቦና....*

ብምባል መዝሙር መሸላ እናቐያየረ፡ "እስከ ዕደ ተሰዲደ" ብዝብል ሓሳብ ካብ ወራር እዘን ጭፍራ ንምድሓን ብኣንክሮ የቋምት። ጸጸር ኣብ ታኒካ ወይ ቴኖ የእትዩ "ሻሕ-ሻሕ" እናበለ'ውን ይደርፍን ይሕሉን። ምቅድዳም ምስ ኣዕዋፍን ወቕትን። ጹሓይ በጨቕ ኢላ ክሳብ ትዓርብ ኣብ ግራቱ ኣሎ። ምሸትን ንግሆን ኣብኣ ኮይኑ፡ ንግራቱ ካብ በላዕተኛ ወራራት ኣዕዋፍ ዋርድያ ይወጽእ።

ሓላዊ መሸላ ግራቱ ምስ ሸውተ፡ ኣዕዋፍ ጥራሕ ኣይኮናን ዝቦርኻሉ።

*መሸላ ኩደን*
*ይመጽእ ኣሎ ጥዑም ዘመን።*
*መሸላ ጉዝቢሉ*
*ኣጆኻ ሓረስታይ ክሓልፈልካ ኢሉ።*
*መሸላ ጭማሮ-ጭማሮ መሸላ*
*ጭማሮ*
*ኣንታ እዚ ሰናይ ዘመንስ ናባና*
*'በሎ።*

ኢሉ'ኳ ንመውጽኢ ጥዑም ፋል ልሳናቱ እንተደረፈ፡ ተቘሪጹ ብምእካብ ኣብ ጉንሒ ከየብጽሐ መዋዐሉን ሐዘን ዝጸንሓ ጨራሩ ግን ዝከኣላ ኣይኮናን። "ኢድጊ ካብ'ታ ምማታ ምጉታታ" ዝበሉ'ሹም ኣቦታትስ ከም'ዚ ነገረ ናይ መሸላ ምስ ረኸቡ እዮም ዝኾኑ። መሸላ ጸቡቕ እኽሊ ነይሩ፡ እንተኾነ ምሕላው እንዶ ከፍኡ። ክሳብ ኣብ ዓውዲ ኣውዲቕካ ናብ ቆፎ ተእትዎ፡ ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ ክትፍለዮ የብልካን። ሓላዊ እንተ ደኣ ኣውፈርካሉ ግን፡ ካብቲ "ሽመረ ተኹመረ፡ ማዕጺድ ሰበረ" እናበልካ ዝዘራእካዮ መሸላ ጭማሮ፡ ዓማል፡ ሐሎ፡ ጉዝቢሉ፡ ዒልቡ ኩደን ዝተረኽበ ጥይት ዘኖዝኮሎ ሃዝ መሸላ ምጉማድካ ዘይተርፍ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኑርያ ከሱተ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ ዓብደልቓደር ኣሕመድ ዓብደላ፡ ብዋልቲ በትካ ክሲ ማስረታትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲት ኣፍራሕ መሓመድ ዓሊ ሐሴን፡ ተኸሳሲ መሳ መሓመድ ሓጎስ፡ ብዋልቲ በትካ ክሲ ማስረታትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣሕመድ ብርሃኑ ኣሕመድ ስለዝተሰውኡ፡ ብዋልቲ ቤቱ ስዕዲ ዓሊ ኣሕመድ፡ ኣዲኡ ሶፍያ ኑርሑሴን ኸሊፋን 3 ደቁን ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀምዓ እድሪስ ወላዲ ኣልኣሚን ሰዒድ ስለዝተሰውኡ፡ ኣቡኡን ኣዲኡን ሰዒድ ኢብራሂም ሳልሕ፡ ጀምዓ እድሪስ፡ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ይ/ብዝልቲ ታደለሽ ይልሙ ብርሃ ተኽሉ፡ መልሲ ወሃብቲ ቁ/2 ኣቶ ግደይ ብርሃ፡ ቁ 3 ወ/ሮ የዲት ብርሃ፡ ቁ5 ኣቶ ሰረቐ ብርሃ ቁ6 ኣቶ ኣማኑኤል ብርሃ ቁ8 ኣቶ ሳምሶም ብርሃ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ቅረቡ። ቁ/4 ከኣ መልሲ የቕርብ። ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጳውሎስ ኣብራ ዑቕባየርገሱ፡ ወለድና ኣብራ ዑቕባርግሽ መንኣመናን ጸገወይኒ በ፡ተው ብርሃን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ 1 ትዕግስቲ ኣብራ ዑቕባየርገስ ተተካእቲ ደቃ 5 ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ።

ከሳሲት ፈሩዝ ተስፋይ ሃብቶም፡ ተኸሳሲ ሜሮን ሳሙኤል ባርያጋብር፡ ናይ ሲቪል ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

የሃንስ መርእድ ሃይለ ምባል ተረፉ፡ የሃንስ መርእድ ሃይለስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ/49 ይቕረብ።

ኣኽበረት ይሰሃቕ ተኽለገየርገስ፡ ኣቦና ኣቶ ይሰሃቕ ተኽለገየርገስ ኣሚን ምሕረት ፍረዝጊ ሃብተየሱስን ስለዝዋረሩ፡ 7 ህልዋት 1 መዋቲት ተተካእቲ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ/49 ይቕረብ።

ሕርይቲ ዘካርያስ ነጋሲ፡ ስም ኣደይ ሮማ ነጋሲ ምባል ተረፉ፡ ሮማ ተኸስተ ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ/49 ይቕረብ።

የውሃንስ ክፍለጽዮን፡ ወኪል ጎይትኦም ሃይሉ፡ ኣቦይ ክፍለጽዮን መሳኤል ተኽሉ ስለዝዋረረ፡ ኑዬና ኣፍ/ት ለተሚካኤል ሃብተሚካኤል ወልደማርያም ናይ መጻምዲ ማሰል ይተሓለወላ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኡ መሓመድ ኣሕመድ ሳልሕ፡ ኣምና ሓሰን ሳልሕ፡ ኑርጀስ መሓመድ ኣሕመድ ፋይዛ መሓመድ ኣሕመድ፡ ሳልሕ መሓመድ ኣሕመድ፡ ዔሻ መሓመድ ኣሕመድ፡ ወኪል ኣቶ ሓሰን ኣሕመድ ሳልሕ፡ ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቁ/39 ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ኣመልካቲ ኣቶ ሰለሙን ሳህለ ገብረእየሱስን፡ ተጸዋዒ ወረስቲ ነ/ፍ ግምጃ ማና ሃብተጼጊን፡ ኣፍ/ት/ ኣረጋሽ በ፡ተው በሽትን፡ ዳኒኤል ሳህለ ገብረእየሱስ፡ ለተንገስ ሳህለ ገብረእየሱስ፡ ማተዎስ ሳህለ ገብረእየሱስ፡ ያቆብ ሳህለ ገብረእየሱስ፡ ኣስቴር ሳህለ ገብረእየሱስ፡ ነ/ፍ ብርሃ ሳህለ ብተተካእቲ ደቃ (ራሄል ገብረገርግሽ ኣርኣያ፡ ርቢል ገብረገርግሽ ኣርኣያ፡ ዘቢብ ገብረገርግሽ ኣርኣያ፡ ሙሲራ ፍቓዱ ኢብራሂም ወረ/ኡ ሳህለ ገብረእየሰሰ ኣደጎይን ኣፍ/ት ኣረጋሽ በ፡ተው በሽትን፡ ቢንያም ተጸዋዕቲ፡ ንዓኹም ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ/35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ሃይለሚካኤል፡ ኣቦይ ዑቕቡ ፍስሃጽ ወልደገብርኤል፡ ብዕለት 10/05/2013 ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ ካምፓቦሎ ጎደና ተጋደልቲ -178 ቁጽሪ 19 ዝርከብ ሳትረብ ትካል ሰ ጥዑብ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ ASL00033460 ቁጽሪ መዝገብ ASR00031884 ዝተመዝገበ ዋንኡ ዝነበሮ ኣብ ቅድሚ ኣርባዕተ መሰኻኽርን ረጂስትራር ቤት ፍርድን ብውዕል ወህብቶ ስለዝሃበኒ፡ ስም ዋንኡ ናይ ንግዳዊ ትካል ካብ ኣቦይ ወዲ ህያብ ናብ ስም ተቐባሊ ህያብ ክሰግረለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ።

ዳዊት ቀለታ ሂቡኑ፡ ኤልሳ ቀለታ ሂቡኑ፡ መሰኻኽር 4 ወላዲና ኣፍ/ቀለታ ሂቡኒ ብህይወት ከለዉ ኣብ ዞባ ማእከል ዞባ 6 ምም/10 ነበር ጎደና 312 ቁ/ገዛ 3 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 118995 መወከሲ ቁ122747 ቁ/ሎታ 2 ብስም ወለዲትና ወ/ሮ መድህን ዋሴ ሃይለ ዝተመዝገበ ኣብ 121.10 ት/ሜ ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንብጽሒቱ ዝምልከት ዝነበረልና ሰነዋ ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ።

የናስ ሃይለ ገብረመድህን፡ ሓፍተይ ገኑ ሃይሌ ገብረመድህን ስለዝዋረረት፡ ኣቦናን ኣዴናን ከኣ ብህይወት ስለ ዘየለው፡ ሓደ ወዳን ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ/49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ዛይድ ገብረልኡል ክብረኣብ፡ ኣደይ ተኽኣ ተኽለገርግሽ ኪዳኑ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣሰና በረኸት የናስ ምባል ተረፉ፡ ናኣድ በረኸት የናስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወረ/ኡ ደሃብ ኣርኣያ ወልደሚካኤል፡ ሳራ ተኽለ የውሃንስ፡ ተጸዋዕቲ 1. ተቃዋም ተኽለ፡ 2. የውሃንስ ተኽለ 3. ፍጹም ተኽለ 4. ኣብርሃም ተኽለ 5. ጎይትኦም ተኽለ 6. ጴጋይ ተኽለ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ፍቶሪ መርሃዊ ገብረትንሳኤ፡ ስም ኣደይ ሳባ ሰልጣን ደባስ ምባል ተረፉ፡ ሳባ ስልጣን ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኤልሳ ገብረስላሴ ግዴ፡ ተጸዋዒት ሳልዋ ዳዊት ግዴ፡ ናይ ወኪልና ምስራዝ መዝገብ ተኸፊቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቅረቢ።

ወ/ሮ ባሁ ቴድሮስ በራኺ፡ ወላዲትና ሰለስ ንብሩ ኣውዓለም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ሰሩና ኣለምሰገድ ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ሰሩና ኣለምሰገድ ሃይሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ሚካኤል ዘርኣይ፡ ኣቡሓኝና ተሰፉሚካኤል ዑቕባይ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ንኣቦይ ኣፍ/ሃ ዘርኣይ ተሰፉሚካኤል ተክእና ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣብርሃጼን ጴጋይ የሃንስ ምባል ተረፉ፡ ኣብርሃት ጴጋይ የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

እምሃጸየን ዓበ ሮኽሩ ወለደይ ዓበ ሮኽሩን ግደይ ተኽለ ወልደሰላሰን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይን 5 ተተካእቲ ደቂ ሓፍተይን ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተፈሪ ገብረትንሳኤ፡ ኣቦይ ተፈሪ ገብረትንሳኤ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 12 ኣሕዋተይን ተተካእቲ 2 ደቂ ሰወእ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣማባሻር ጴጋይ ኪዳኑ፡ ስም ኣደይ ሚልዮን ሞጎዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሚለን ሞጎዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ከሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት ኣለም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመሮም የሴፍ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ፍረወይኒ ብርሃ ሃብተጼን፡ ሓፍተይ ኤልሳቤጥ ብርሃ ሃብተጼን ቅድሚ 30 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብላ፡ ጥፍእቲ ምዃና ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዒድ

ወ/ሮ ሳሊም ግደ ዘርኣሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ምናስ ተኽለሰንበት፡ 3 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቃልኪዳን ከውርደለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ የርዳኖስ ዘርኣ ወልደኣብ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን ወልዴት ክብርኣብ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the members of AFICO PLC in their Extraordinary Meeting held on October 1, 2025, at the Company's Head Office in Asmara, resolved the following resolutions:

1. **Transfer of Shares**
   - Ms. Salome Gebreselassie Habtu transferred all her 1,750 shares (par value Nakfa 1,000 each) to Mr. Fuad Kahsai Abdelkadir.
   - Mr. Ebenezer Michael Habte transferred all his 500 shares (par value Nakfa 1,000 each) to Mr. Fuad Kahsai Abdelkadir.
2. **Change of Manager**

Mr. Fuad Kahsai Abdelkadir was appointed as a General Manager for an unlimited period of time.

**New Shareholding Structure:**

| No | Shareholder | Share |
|---|---|---|
| 1 | Mr. Fuad Kahsai Abdelkadir | 2,250 shares |
| 2 | Mr. Tekie Michael Habte | 500 shares |
| | Total | 2,750 shares |

AFICO PLC

## ምልክታ

ብምኽንያት ኣብ ደቀምሓረ ዝህሉ ዘሎ ሓደሽ ፕሮጀክት መደበር መመንጨዊ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ማስመር ኤለክትሪክ ንምልጋብ፡ ካብ ዕለት 21/12/2025 ክሳብ 23/12/25 ኣብ ደቀምሓረን ከባቢኡን ዓዲ ቐይሕን ከባቢኡን ከምኡ'ውን ሰገዓፈን ከባቢኡን ፈነወ ሓይሊ ኤለክትሪክ ክቋረጽ ምዃኑ ብትሕትና ንሕብር።

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Eritrea State Registered Associate Nurse
Number required – (06)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities

- Experienced registered nurse with a demonstrated history of working in the hospital and health care industry.
- Skilled in post anesthesia care, ambulatory surgery and telemetry are needed to provide timely patient service, life support, and ambulatory care to extremely ill and injured patients.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Health and Safety Management

- Identifies, intervenes, and stabilizes the illness or injured during interfacility transport in collaboration with the transport physician
- Conduct periodic audit on clinic facility, equipment and tools and report on same to the in charge

Planning and Analysis

- Support provides high standards of patient care in both the emergent and non-emergent settings
- Execute plan of care under direct supervision of the in charge
- Assist in formulating nursing diagnosis based on patient needs

Module Development

- Support the in charge to develop and implement training and awareness programs for Emergency Response Team.

Execution

- Provide timely patient service, life support, and ambulatory care to extremely ill and injured patients
- In the absence of other qualified personnel, it controls the emergency scene, including parking the vehicle in such a way as to minimize further danger in the roadway and controlling the actions of bystanders as well
- Rapidly performed basic and advanced patient assessments to determine patient/victim condition and take immediate medical action
- Administered infusions, medications, and intubation
- Create patient care report, documenting the medical care given to the patient at the scene and enroute to the hospital
- Respond to emergent and non-emergency calls for emergency medical assistance, ranging from bandaging a wound to life-saving cardiopulmonary resuscitation (CPR)
- Used backboards and restraints to immobilize patients and secure them in the ambulance for transport

Evaluation and Maintenance

- Support maintains the general condition of the clinic, keeps it clean and stocked for optimal call response
- Maintain strict confidentiality of patient information, department operations, and proprietary information obtained during employment

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Associate Degree of Nursing or Diploma in Nursing and approximately 2-3 years of nursing practice/experience; OR a bachelor's degree in a related field and approximately 1-2 years of nursing practice/experience
- Current and valid State Driver's License preferred•

Working Experience – Nature & Length

- At least 3 years' experience in Occupational Health in the mining, industrial manufacturing or oil and gas industry
- Current Eritrean registered nurse certificate/permit
- Technical knowledge of international, government safety and occupational health regulations

Technical Skills • Trained in life support skills

- \Patient Assessment – Medical
- \Long Bone & Joint Immobilization
- \Bleeding Control Shock Management
- \Airway management
- \Stabilization of injuries
- \Emergency vehicle operation and upkeep
- \Able to maintain composure in stressful situations
- Cardiac Arrest Management
- Quickly, efficiently, and calmly responds to emergent and critical situations
- Ability to work a flexible schedule including shift rotation and an on-call rotation
- \Proficient with Microsoft Suite, including Word, Excel, PowerPoint and Outlook
- Excellent communication and presentation skills, both written and verbal
- Plan, organize, execution skills and attention to detail

Behavioral Skills

• • Approachable | Assertive | Customer Focused | Initiative | Pro-Active | Reliable | Results Driven

UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION

- Physical ability to perform all tasks required in the performance of typical nursing duties including but not limited to bending/stooping, pushing, pulling, lifting at established weight requirements (satisfactorily meet company physical assessments/tests)
- A close working relationship with site-based medic and allied health care facilities is critical to the success of the role

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Definite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Senior Operation Supervisor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**
- To manage and coordinate all day to day facets of the TMF load and haul operation.
- To effectively support the operational requirements in a safe and cost effectively manner.
- Knowledge transfer and mentoring is a must in this role to Engineers, Supervisors, Crew Leaders and all Operators.

**Essential Functions**
- Ensuring that project outcomes are met through a safe, effective with efficient utilization of resources (human and capital), in accordance with company objectives.
- Accountable for delivering individual and team production targets, coaching and mentoring the team members for continuous improvement.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**
- Health, Safety and Environment
- People
- Productivity

**Unique requirements/other information**
- Candidate must have TMF construction experience
- Candidate must have the ability to understand designs criteria.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| o Technical degree registered Engineer of Civil/ Mining<br>o Certification from an internationally recognized engineering body | o Minimum 10 years of continuous experience in a similar role within mining, engineering, or TMF construction<br>o 5-10 years operational experience complemented with extensive experience as a Supervisor / Superintendent.<br>o Significant experience in a mining environment.<br>o Comprehensive Supervision and leadership skills<br>o Able to understand priorities and utilize equipment to deliver outcomes as per the mine plan<br>o Extensive experience as an all-round operator<br>o Frontline Management<br>o Supervisors Development Program |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| o Computer Literacy (Word, Excel, Power Point)<br>o Good English written and verbal skills<br>o Certificate for Trainer and Assessor<br>o Problem solving and solution implementation<br>o Frontline Management | o Live and breathe Bisha Core Values<br>o Interpersonal skills<br>o Ability to work under pressure<br>o Results oriented<br>o Good interdepartmental communication<br>o Ability to work in multi-disciplinary environment<br>o A commitment to safe work practices<br>o Self-motivation and organisation and planning skills<br>o Strong communication skills, written and oral<br>o A willingness to transfer knowledge to a national workforce.<br>o Ability to mentor the workforce |

**General Information and other requirements:**
- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**
- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**
1. **Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**
**Asmara, Eritrea**

---

**Desert Locust Control Organization for Eastern Africa (DLCO-EA)**
**www.dlco-ea.org**

The Desert Locust Control Organization for Eastern Africa (**DLCO-EA**) invites applications to fill the positions of **Senior Accountant, based at the Headquarters in Addis Ababa, Ethiopia.** The applicants must be nationals of the contracting Member States (**Djibouti, Eritrea, Ethiopia, Kenya, Somalia, South Sudan, Sudan, Tanzania** and **Uganda).**

Application forms and details of the job specifications can be downloaded on the organization website www.dlco-ea.org/careers/ and the filled application forms submitted electronically together with a cover letter, detailed CV, copies of Certificates and Testimonials to the email addresses provided by 05th January, 2026.

---

ንሕና ወረ/ ነ/ፍ ዓብድልቓድር ኣሕመድ ማሕሙድ ዝኾንና፡ ብስም ወላዲና ነ/ፍ ዓብድልቓድር ኣሕመድ ማሕሙድ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ እምባጋልያኖ ጎደና ርምሎ ቁ/ገዛ 29 ተራ ገዛ ስፍሓቱ 316.20 ት/ሜ ፕሎት 14 ፓርስል N ASD00002021 ዚፕ 1A117 መለለዪ ቁ/111304 ቁ/ምስክር ወረቐት 101511 መወከሲ 51365-34211 ናብ ስምና ክነመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ መውጽኢታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ወረ/ነፍ ዓብድልቓድር ኣሕመድ ማሕሙድ
ወኪል ዓብደልከሪም ዓብደላ ሰራጅ

**1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት**

ከሳሲት ብርኽቲ ተወልደብርሃን ተኽለሚካኤል፡ ተጸዋዒ ፊልሞን ተኽለስመኣብ ገብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/1/26 ኣብ ቤት ፍርዲ ቅረብ።

ነጃት ሓምድ መሓመድ፡ ጓለይ ሰወባ ዓብደለጢፍ እድሪስ ኣቦኣ ስለዘጠፍኦ፡ ምግዚትነት ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/1/26 ኣብ ቤት ፍርዲ ቅረብ።

# ካብ ዘባታት

## ዘይርሳዕ ግፍዕታት ጸላኢ ኣብ ዞባ ዓንሰባ

ገርጊስ ፍቓድ ድራር
ዞባ ዓንሰባ

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብደመኛ ጸላኢኡ፡ እዱድን ኣሰካሕካሕን ጃምላዊ ህልቂት ተፈጺሙ'ዩ። ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብድምር ኣብ 67 ዓዲታት ዝተፈጸመ፡ ህይወት 3,107 ንጹሃት ሰላማውያን ዜጋታት ዝለከመ ጃምላዊ ህልቂት ከኣ ህያው ኣብነት'ዩ። እቲ ዝያዳ ብጽዕቂ ዝተኻየደ ግፍዓዊ ስርሒታት ጸላኢ፡ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ዝብል ሰይጣናዊ ጭርሖ ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ከተግብር ዝተማዘዘ ኣዚዚ 2ይ ክፍለ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሜጀር ጀነራል ተሾመ እርገቱ ድሕሪ ምቕንጻሉ ዝሰዓበ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ሜጀር ጀነራል ተሾመ እርገቱ ዝተፈጸመ ቅንጸላ፡ ብድኑብየ ተጋደልቲ ተ/ሓ/ኤ ኣብ ከባቢ ባልዋ ብ21 ሕዳር 1970 እዩ ነይሩ። ኣብቲ ቀንያት'ቲ፡ ቅድምን ድሕርን ህልቂት በሰኪዱራን ዖናን፡ ኣብ ከረንን ከባቢኣን ዝተኻየደ ባርባራውን ግፍዓውን ፍጻመታት ኣዘንቲኻ ዘውዳእ ኣይኮነን። ዳርጋ ኩሉ ሰንሬሮታትን ሩባታትን ወሰናስን ከተማ ከረን ብወገን መጋርሕ፡ ሸፍሽፊት፡ ዓድሓብብ፡ ደዓሪ ክሳብ ጸብብ፡ ኣብ ወሸጥን ጉምጉምን፡ ጀራዲንን ግራውትን ደረት ጸርግያታትን ተቐቲሎም ዝደርበዩ ንጹሃት ዜጋታት፡ እልቢ ኣይነበርምን።

ገለገለ'ውን ኣብ ሩባታት ብጃብር ዘይተደብዑ ኣእጋርምን ኣእዳዎምን ተቐልቂሉ ብኣዝብእ ተጐቲቶም ዝወጹን ካልእ ኣሰቃቒን ኣሰኻሕካሕን ትርኢታት ነይሩ። ኣብቲ ቀንያት'ቲ ንግዳያት ዖናን በሰኪዱራን ሓዊስካ ኣብ ከረንን ከባቢኣን ጥራይ ብድምር ልዕሊ 1 ሽሕ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ይግመት።

ብኢትዮጵያውያን ስርዓታት ሃይለስላሴን ደርግን ብብእዋሉ ኣብ ልዕሊ ሲቪላውያን ቁልዓ ሰበይትን ኣረጋውያንን ዜጋታት፡ ኤርትራውያን ጥራይ ብምኳኖም ብዮጭካነ ዝተኻየደ፡ ኣሰካሕካሒ፡ ባርባራዊ ግፍዕታት ጃምላዊ ህልቂት ሰላማውያን ሰባት ብቓላት ንምግላጹ ዘይከኣል፡ ልዕሊ ኣድማስ ቋንቋ እዩ። እቲ ዝሃለቐ ህይወት ጥራይ ዘይኮነስ ዋላ እቶም ካብ ብሱል-ጥሪ ኮይኖም ዝተረፉ ውሽእ መዓት'ውን፡ ክሳብ ብህይወት ዘለዉን ዝበሩን ገሊኦም ብኣካል ገሊኦም ብኣእምሮ ዝሰንከሉ፡ ወትሩ ዘይሕከኽ በሰላ፡ ናይ ኣእምሮ ነውጺ ዝፈጥር ኣባሀራሪ ዝኽርታት'ዩ ገዲፉሎም። ስለዚ'ምበኣር፡ ንመጻኢ ብምሕሳብ ልቢ'ኳ እንተዕበና፡ እዚ ኣይረሰዕ'ዚ ግን ኣይረሳዕናዮን!


ዝኽሪ ግዳያት ግፍዕታት ጸላኢ.

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝ ረዚን ዝኽሪ ብዘዮዮእ ክብሪ ንምዝካር ብ12 ታሕሳስ 2025 ፍሉይን ውዱብን ምድላዋት ዝተገብረሉ መደባት'ዩ ተተግቢሩ። ኣብታ ዕለት ልክዕ ከም ዕለተ ዝኽሪ ሰማእታት 20 ሰነ፡ ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝሁብ ንግዳዊ ትካላት ተዓጽዩ፡ ዓበይቲ ጐደናታት ከረን ኑታ ዕለት ብዘንጸብርቕ ጭርሖታት ማዕርጊ፡ ኩሉ እቲ ብመገልሒ ደምጺ ዝፍኖ ደርፍታትን መዛሙር'ን'ውን ዚ ፍጻመ'ዚ ዘንጸብርቕ ነይሩ። እተን ጃምላዊ ህልቂት ዝተፈጸመለን ዓድታት ኣብ ቦታኣን ናይ ዝኽሪ መሰናድኢታት ገይረን ወዲለን። ኩለን ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ከረን ብስሩዓዊ መሰናድኢታት ዝማዕረገ ናይ ዝኽሪ መደባት ኩዓልዋ ከለዋ፡ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ከረን ከኣ ብሰልፊ ናብ ቦታ መቓብር ግዳያት ዖና ብምኻድ ናይ ምውላዕ ሽምዓ ዝኽሪ ገይሮም።

እቲ ብደረጃ ዞባ ዝተገብረ ናይ መዘዎምን ወግዓውን መደብ ዝኽሪ፡ ሰዓት 3፡00 ድ/ቐ ኣብ ቦታ ጋህሲ ሓብራዊ መቓብር ግዳያት ዖና ብዙተኻየደ ናይ ምንባር ዕምባባ ዝኽሪ ሓበን'ዩ ተመዊሱ። ሓለፍቲ ክፍልታት ዞባን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ወከልቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ወከልቲ ህዝብን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣጋጣሚ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ንዝኽሪ ኩሎም ግዳያት ጃምላዊ ህልቂት ብውክልና ኣብ ልዕሊ መቓብር ግዳያት ዖና ኣኽሊል ዕምባባ ኣንቢሩ። ካብኡ ብምቕጻል ኩሉ ተሳታፊ ካብ ዖና ብምብጋስ ብሰልፊ ብጉዕዞ እግሪ ክሳብ ስታድዮም ከረን ኸቢሱ። እቲ ምዕሩግን ደሙቕን ሰልፊ ሰፊሕ ምድላዋትን ውዳበን ዝተገብረሉ ኮይኑ፡ ኣብ ቅድሚት ኑተን 67 ዓድታት ዝውክላ 67 ጥንፈራታት ብዙሓዙ ተመሃሮ ብሞቶረኛታት ፖለስ ትራፊክ ዝተመርሐ ኣባላት ሰልፊ ሰራዊት፡ ጉጅለ ማርሺን ባንድ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ብብኣብያተ ትምህርቶም ዝተሰርዑ ተመሃሮን ብብምምሕዳራቶም ዝተሰርዐ ህዝብን፡ ብስሙር ሰልፊ ተኸቲሊሎም ዓቢ ጽርግያ ከረን-ኣፍዓበት ተኸቲሎም፡ ፊት ምምሕዳር ዞባ ብዘላ ጂራ ፍዮሪ ተዓጺፎም ንታሕቲ ብምውራድ ብየማናይ ወገን ዓባይ ጃራፍዮሪ ከተማ ከረን ዘዩርም ንስታድዮም ከረን ኣትዮም። ካብ ብሎኮ ኣፍዓበት (ሳሕል) ጀሚሩ ክሳብ ስታድዮም ከረን ትብጽሕ ዘሎ፡ ንሰልፊ ዝተመርጸ መስመር ጽርግያ ብምሉኡ ኣብ የማን ጸጋሙ ዝተሰርዐ ዝተፈላለዩ ኑቲ ዕለት ዘንጸብርቑ ጭርሖታት ዝሓዙ ተመሃሮን ህዝብን ብስጡም መስርዕ ተሰሊፎም ኣማዕሪሮሞ።

ኩሉ ተሳታፊ ሰልፊ ኣብ ስታድዮም ከረን ቦታኡ ምስሓዘ፡ እቲ ብዝኽሪ-ሰማእታት ዝጀመረ ብዝተፈላለየ ስነጥበባዊ መሰናድኢታት ዝማዕረገ መደባት ብተራ ማስርዕ ቀሪቡ። ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ብሰለስቲኡ ቋንቋታት ትግረ፡ ብሊንን ትግርኛን ዝተዳለወ መዛሙርን ደርፍታትን ኣዘራቖም ብመሳጢ ኣገባብ ኣቕሪቡ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብስነጥበበኛታት ገጠምቲ ዓሚቕ ትሕዝቶ ዘለወን ግጥምታት ብቛንቋታት ብሊን፡ ዓረብን ትግርኛን ቀሪበን።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ብስም ኣወሃሃዲት ሽማግለ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ስራጅ ሓጅ ኣብ ዘቕረቦ መደረ፡ "ኑቲ ልዕሊ 55 ዓመታት ዘቑጸረ ዝኽሪ ህልቂት ህዝቢ ዞባ ዓንሰባ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህጻናትን ኣደታትን ብዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታትን፡ ዕድመን ጾታን ዘይፈሊ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ" ብዝብል ቴማ፡ ዝወረደ ኣረሜናዊ ባርባራዊ ግፍዕን ጭፍጨፋን ግዳያት ንዘኸሩ፡ ብሂወት ሓሊፎም ዝሃለቑን፡ ቀሲሎም ሰንኪሎም፡ ዓዲ ውዒል ውጽእ መዓት ኮይኖም ዝተረፉን ንምዝካር ኣኽሊል ዕምባባ ብምንባር ስሉስርዓት ዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ ክንዝክር ምኽኣልና ክብርን ሓበንን ይሰምዓና" ኢሉ። ቀጺሉ'ውን ኣዚ መደብ'ዚ ክዉን ንምግባርን ንምምዕራግን ኣበርኪቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ኑቶም ናይ'ቲ ባርባራዊ ፍጻመታት ውጽእ መዓትን ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ብምውካል ቃለ ምስክርነቱ ዘስመዐ ኣቶ ያዕቆብ መሓመድዓሊ ብወገኑ፡ "እቲ ን55 ዓመታት ኣብ ኣእምሮና ኮይኑ ብሰንፈላል ዘሳቐየና ዝነበረ መሪር ዝኽሪ፡ ሎሚ ሳላ ተጋዳልትን ዕቱብትን መንግስትና ብሸፀሚ ብምዕሩግ ኣገባብ ብምዝካሩ፡ እቶም ዝሞቱ ከም ህያው እቶም ዝቖሰልና'ውን ምሉእ ሕውየት ከም ዝረኸብና ተሰሚዑና፡ እፎይታ ረኺብና" ኢሉ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዘቕረቦ ናይ'ቲ ዝኽሪ መደረ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ናጽላታትን ኣረጋውያንን ብዘይንሕስያ ዝተኻየደ ባርባራዊ ግፍዕታት፡ ብረቂቕን ግሁድን ስልቲ ኤርትራውያን ንምጽናት ዝተኻየደ ሸርሒታትን ግፍዕን ብዕምቆት ተንቲኑ። ቀጺሉ'ውን "ምእንቲ ህላወናን መጻኢ ዕድልናን ብኣሹሓት ዝኸፈልናዮም ብሉጻት፡ ሕድሮም መብጽዓ ኩልና ኮይኑ፡ ብየግፍዒ ጸላኢ ዝሃለቑን ኣብ ሓርነታዊ ኩናትን ምውሓስ ሃገርን ብጅግንነት ዝሓለፉ ኪዩንርስዑ ዝኸፈልናዮ ክቡር ሂወት ርዚኑ፡ ዕምቆቱ ረቂቕ ታሪኻዊ ዛንታኡ ኣብ ኣእምሮ ህልዋትን መጻኢ ወለዶታትን ኤርትራ ነባሪ ሓወልቲ ኮይኑ ክነብር፡ ህልቂት ዝተፈጸመን 67 ዓድታት ዞባ ዓንሰባ ማእከል ዝገበረት ዖና፡ ብሓደ ወገን ኣብ ልዕልና ዝወረደ መሪር ግፍዕታት ንክይንርስዕ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ብዘፈሰሰ ንጹህ ደም ሰማእታትና፡ ህዝቡ ደባት መሬታን ባሕራን ዘኸበረት ልኡላዊት ሰላም ዝሰፈና፡ ስልጣነ ዝሕላገታ ብልጽግትን ምዕብልትን ኤርትራ ንዘንተ-እለት ክትነብር ሓላፍነትን ሕድርን ተሰኪምና" ኢሉ።

ኣብ መደምደምታ ከኣ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ህልቂት ዝተፈጸመለን ዓድታት ምስ ምንዋሕ ግዜ መቓብር ግዳያት ባዲሙን ሃሰሱን ታሪኻውነቱ ከዮጥፍእ ዓሚቕ መጽናዕቲ ክግበርን ብዮዝቡእ ክዕቀብን ብምዝኽኻር፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት 2026 ኣብ ልዕሊ ህዝቢን ጃምላዊ ህልቂት ዝተፈጸመን ዓድታት ተጸዊዑን ብዮዝቡእ ክስዕድን ብኽብሪ ዝኽሪ ክተዩደለንን ኣመሓደርቲ ንኣሳን ዞባታት ዞባ ዓንሰባ ከም'ኡ'ውን ተረኽትን ሰደትን ታሪኽ ተረኪቡቲ ሕድሪ ዝኾኑ መንእሰያት ዕማሞም ክፍጽሙ ተላቢዩ።


ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ


ኣቶ ያዕቆብ መሓመድ ዓሊ

### ኣይረሳዕናዮን ግፍዕታት ጸላኢ!

ዓሚ ከምዚ እዋን ብኣጋጣሚ መበል 54 ዝኽሪ ህልቂት በሰኪዱራን ዖናን ሓላፊ ምርምርን ሰነዳን ህግደፍ ኣቶ ዘምህረት የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ "ጭካነ መናብርቲ ሰብ'ዩ። ንሕና ግን ብጭካነን ክፉእ ተግባርን ዘይንጸዓድ ህዝቢ ምኳንና ኣረጋጊጽና፣ ብዓይኒ ሕነ ምፍዳይ ብዓይኒ ጽልእን ቅርሕንትን ዘይተሓስ፡ ልዕሊ ጭካነ ልዕሊ ግፍዒ ኮይንና ኢና ነዚ ዕለት'ዚ እንዝክሮ ዘሎና። ምስቲ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ዝተሳቐዮ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ንመጻኢ ብንጹህ ሕልና ብዘሰፋ'ዩ ዝጥምታ'ምበር ግዙእ ናይ ጽልእን ቅርሕንትን ዘይኮነ'ውን ምኳኑ ደጊሙ ደጋጊሙ ኣረጋጊጹ እዩ። ስለዚ፡ ሕጂ'ውን ንሕና ኑቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈጸመ ግፍዒ ክንትርኽ ከሎና፡ ጽልኢ ቅርሕንቲ ገዚኡና ዘይተሓስ ካብ'ዚ ታሪኽ'ዚ ንሕና ጥራይ ዘይኮነ ጉርብትና ኣህዛብ'ውን ተማሂሮም ዝሓሸ መጻኢ ንምፍጣር መበገሲ ክኸውን ስለዘሎና እዩ። ዞና ኣይተዓደለን፡ ካብ ኩናት ግጭትን ሰደትን ገና ኣይተገላገለን። በብሓደ ጎረባብትና ሃገራት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዝቐጥል ከወርዳ ንርኢ ኣሎና። ይኹን'ምበር ናይ ሓባር ረብሓን መጻኢን ዘለዎ ዞባ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ንሕና ዝሓለፍናዮ ኣብ ካልኦት ክደገም ኣይንደልን ኢና። ስለዚ ሕጂ'ውን እንተኾነ ምእንቲ ሰላም፡ ሕውነትን ምትሕብባርን ከይሰልከና ክንሰርሕ ኢና" ብምባል ልዑናን ርዙንትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘንጸብርቕ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ ነይሩ።





# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ኣድህቦ

### ዘምጽኣካ ጉዳይ ምግባር ስነ ምግባርዶ ብልሒ?



08 ሕዳር 1997 ንግሆ፡ ከም ወትሩ ንቍርሲ ዝኸውን ባኒ፡ ካብ ብእንዳ ሴዳው ዝፍለጥ ኣብ ጥቓ ባንክ ኤርትራ ዝርከብ፡ ፋብርካ ባኒ ክገዝእ ተላኣኽኩ። ኣብ ጥቓ ባንክ ኤርትራ ምስ በጻሕኩ ግን ኣብቲ ከባቢ ብዙሓት ሰባት ዓጕጎም ረኣኹም እሞ ዘአከቦም ምኽንያት ንኽፈልጥ ናብ ውሽጢ ፎግፊገ ኣተኹ። ኣብቲ መንደቕ ዓበይቲ ስእልታት ባጤራ ኤርትራ ከኣ ተሰቒሉ ረኣኹ። ነቲ ብውቁብ ስእልታት ብሄራትን ማሕበረ ቍጠባዊ ድሕረ ባይታ ሕብረተሰብናን ዝማዕረገ ባጤራ ኤርትራ ክርኢ፡ ወዮ ንቍርሲ ዝተሓሰበ ባኒ ረሲዐዮ ጥራይ ዘይኮነ ንመግዚኢ ዝተዋህበኒ ገንዘብ'ውን ኣጥፋእኩዎ። ቈልዓ እንከለኹ ኣድህቦይ ብደጋዊ ነገራት ይጽሎ ስለ ዝነበረ፡ ዝተላኣኽኩዎ ኣብ ምትግባር ኣዝየ እሸገር ነይረ። "ኣስተውዒሊ፡" "ኣድህቢ፡" "ዝተባሃልኪዮ ጉዳይ ጥራይ ዘይትገብሪ፡" ዝብል ሓረጋት፡ ኣብ ግዜ ቍልዕነተይ ካብ ዝደጋገም ምሕጽንታታ እዩ ነይረ። ኣብ ሓደ ወይ ውሱን ነገረ ከተድህብ ቀሊል ድዩ? ኣብ ከባቢና ካብ ዝካየድ እልቢ ዘይብሉ ጉዳያት፡ ኣብ ሓደ ወይ ውሱን ነገር ከነተኲር ንኽእልዶ? ብኸመይ?

ኣድህቦ ብልሓዊ መስርሕ ሓንጎል እዩ። ኣብ ከባቢና ኣብ ሓደ ግዜ ዝተፈላለየ ነገራት ይካየድ እዩ። ናይ ስምዒት ህዋሳትና ከኣ ናይዚ ዝካየድ ምንቅስቓስ ሓበሬታ ይእክቡ እዮም። ንኹሉ ኣብ ከባቢና ዝካየድ ጉዳያት ብማዕረ ኣድህቦ ክንህቦ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ ግን ክንመርጽ ንግደድ። ንመስርሕ ምምራጽ ዝጸልው ብርክት ዝበለ ምኽንያት ኣሎ። ልምዲ፡ ተምሳጥ፡ ውሕስነት ወይ ድሕነት፡ ወዘተ ኣብ ምምራጽ ኣድህቦና ጸለውቲ እዮም። ንኣብነት፥ ኣብ ሓደ እንዳ ውራይ ምስ ከድና፡ ንኹሉ ሰብ ዋላ ደኣ ንጠምቶ እምበር፡ ነቶም እንፈልጦም ሰባት ኢና ዝያዳ እነድህበሎም፣ ኣብ ቤት ንባብ ምስ እንኸይድ'ውን ነታ ብደጋዊ ምስላ ወይ ኣርእስታ ዝሰሓበትና መጽሓፍ ኢና ፈሊማ እነልዕል፣ ምስ ሰብ ከነዕልል ጸኒሕና፡ ናባና ገጺ ሃሊሉ ዝመጽእ እንስሳ ምስ እንርኢ፡ ዝገደፍና ገዲፍና ነብስና ከነድሕን ኢና ንፍትን፣ ወዘተ። ደጋዊ ጽልዋ ንመስርሕ ኣድህቦ ዝጸሉ እኳ እንተኾነ፡ ኣድህቦ ብምርጫ እዩ ዝካየድ። ከነስተንፍስን ከይነስተንፍስን ክንመርጽ ኣይንኽእልን ኢና፣ ኣብየናይ ጉዳይ ከነድህብ ንደሊ ግን ናትና ውሳነ እዩ ዝቅይዶ። ኣድህቦ ብምርጫ ዝካየድ መስርሕ ምዃኑ ግን ቀሊል ኣይገብሮን እዩ።

ካብ ሓደ ነገር ንላዕሊ ከነድህብ ንኽእልዶ? ንኣብነት፥ ሙዚቃ እናሰማዕና ብኣድህቦ ከነንብብ፡ ተለፎን እናተዛረብና ክንጽሕፍ፡ ተለብዥን እናርኣና ቡን ከነፍልሕን ምስ ጋሻ ከነዕልልን፡ … ንኽእልዶ? ኣብዚ ዘመን'ዚ ኣብ ሓደ ግዜ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ምክያድ ከም መንፍዓት እዩ ዝሕሰብ። ከምቲ ተመራመርቲ ዝብሉዎ እንተኾይኑ ግን ኣድህቦና እንተ ተመቓቒሉ፡ ብብቕዓት ክንሰርሕ ኣይንኽእልን ኢና። ተገዲድና ኣብ ገለ ግዜ ክልተ ኣድህቦ ዘድልዮ ስራሕ ንዓዩ ኢና፣ ክንዲ'ቲ ምሉእ ኣድህቦና ኣብ ሓደ ስራሕ ገይርና እነድምየ ግን ኣይከውንን። ኣድህቦና ክልተ ስራሕ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ስለ ዝሰራሕና ጥራይ ኣይኮነን ዝመቓቐል። ብሓሳብ ካብቲ ከነድህበሉ ዝግብኣና ጉዳይ ምስ እንእለ'ውን ኣድህቦና ክስረቕ ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደ ቦታ ምሳኻ ኮፍ ኢሎም እንከለዉ፡ ካብቲ ዘበልካዮ ዘረባ ሓንቲ ቃል'ውን ዘይሰምዑ ሰባት ኣለዉ። ንሕና ዝሓተትናዮ ካልእ፡ ንሳቶም ዝምልሱዎ ከኣ ካልእ ዝኾነሉ ኵነታት ኣጋጢሙኩም ይኸውን እዩ። ዘምጽኦም ጉዳይ ገዲፎም ካልእ ጉዳይ ተዛሪቦም ዝኸዱ'ውን ኣለዉ። ዘምጽኣካ ጉዳይ ረሲዕካ ካልእ ዘይሓሰብካዮ ጉዳይ ገይርካ ምኻድ ምስ ምጉዳል ኣድህቦ ኣይጽብጸብን እዩ። ካብ ኣርእስቶም ወጻኢ ዝህውትቱ ሰባት ሕማቕ ባህሪ እምበር ትሑት ብቕዓት ምሕደራ ኣድህቦ ከም ዘሎዎም ኣይንቈጽሮን ኢና። ብፍላይ ኣብ ሕብረተሰብና፡ ዘየመጽኦ ዝገብርን ዝዛረብን ሰብ ቅቡል ኣይኮነን። ካብዚ ዝተበገሰ ከይኮነ ኣይተርፍን ነዊሕ ዘረባ ዝጽላእ።

ሓያል ዝኾነ ምሕደራ ኣድህቦ ክህልወና ብልሒ ኣእምሮና ወሳኒን ቀዳማይ ረቛሕን እዩ። ከም ካልኣይ ረቛሒ ከኣ ልዑል ስነ ምግባር ወይ ነብሰ ምልኪ ይሓትት። ናይ ኣእምሮ ድስካል፡ ኣዝዩ ውዑይ ባህሪ (Hyperactive)፡ ሕማም ስነ ኣእምሮን ካልእ ምስ ጥዕና ኣእምሮ ዝተሓሓዝ ሕማምን ዘሎዎም፡ ናይ ምድሃብ ብቕዓቶም ክጽሎ ንቡር እዩ። ምሉእ ጥዕና ኣእምሮን ኣካላትን ሃልዩና፡ ናይ ኣድህቦ ክእለትና ከነዕቢ ሓያል ስልጠና የድልየና። ኣእምሮና ብደጋውን ውሽጣውን ጽልዋታት ተጸልዩ፡ ካብቲ ከነድህበሉ ዘደለና ሓሳብ ከልግስ ዝተቓለዐ እዩ። እቲ እነጥርዮ ክእለት እምበኣር ነዚ ጽልዋታት በዲህና፡ ሓሳብና ኣብ መፈጸምታኡ ምብጻሕ እዩ። ኣብ ዝበዝሐ ግዜ እቲ ንሓሳብናን ኣድህቦናን ዝጸሉ ጉዳያት ባዕልና ኢና እንፈጥሮ፣ ወይ'ውን ክእለ ዝኽእል ጽልዋታት እዩ። ንኣብነት፥ ኣብ ሞባይላት ዘሎ ደርፍታት፡ ፊልምታትን ጌምን ኣድህቦና ከም ዝሰርቕ ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ፡ ኣብ ክንዲ ንኣልዮ፡ እናርኣናዮ ኣድህቦና ከይሰርቕ ጥራይ ክንቃለሶ ንመርጽ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ሓደ ብታብለቱ ገይሩ ብብዝሒ ዘንብብ መሳርሕተይ፡ ካብቲ ብኣሽሓት ዝቍጸር ዲጂታላዊ መጽሓፍቲ፡ ብኸመይ ንሓንቲ መሪጹ ኣንቢቡ ይውድእ ሓተትኩዎ። ንሱ ከኣ ካብቲ ኣሽሓት መጽሓፍቲ፡ ነታ ከንብባ ዝመርጻ መጽሓፍ (e-book) ጥራይ ኣብታ ዘንብበላ ታብለት ከም ዘስፍራ፡ ካልእ ዝኾነ መዘናግዒ ትሕዝቶ ኣብኡ ከም ዘይጽዕን ነገረኒ። ነታ ዝደልያ መጽሓፍ ምስ ኣንበበ ከኣ ንእኣ ደምሲሱ ነታ ሓዳስ ዝመረጻ ካልእ መጽሓፍ ብምጽዓን የንብብ። ኣድህቦ ልክዕ ከምቲ ካልእ ክእለትን ባህርን ብምልምማድን ስልጠናን እዩ ዝዓቢ። ኣድህቦና ንምሕያል ክልተኡ መገድታት፡ ማለት ማሕበራውን ሳይንሳውን፡ ብምውህሃድ ምስ እነካይዶ ዕዉት ክኸውን ይኽእል። እቲ ሳይንሳዊ ክፋል፡ ብዛዕባ ሓንጎልና ኣሰራርሑን ዓሚቝ ኣፍልጦ ብምድላብን ንእኡ ዝምጥን ምልምማድ ብምክያድን ክዕመም ይኽእል። እቲ ማሕበራዊ ክፋሉ ከኣ ናይ ኣተሓሳስባን ትርጉምን ለውጢ ብምክያድ ከነጥርዮ ንኽእል።

### ኣድህቦና ብቐሊሉ ይስረቕ? ብኸመይ ከነወግዶ ንኽእል?

1- ንጹር ዕላማን ቀዳምነታትን ምስራዕ

2- ካብ ረብሻ ነጻ ዝኾነ ምቹእ ናይ ስራሕ ሃዋህውን ኣከባብን ምፍጣር

3- ናይ ኣድህቦና ብቕዓት ትሑት ምስ ዝኸውን ዓበይትን ነዊሕ ግዜ ዝወስዱ ስራሓትን ናብ ናኣሽቱን ኣብ ሓጺር ግዜ ክዛዘሙ ዝኽእሉን ንጥፈታት ምምቕቓል

4- ኣብ ሓደ ግዜ ካብ ሓደ ስራሕ ንላዕሊ ወይ ኣድህቦ ዝመቓቕል ንጥፈታት ዘይምሓዝ

5- እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስን ዕረፍትን ምዝውታር

6- ምሉእ ኣድህቦ ገይርና ክንሰርሕ ኣብ እንውጥነሉ ግዜ፡ ከመንግወና ዝኽእል ጉዳያት ኣቐዲምና ምእላይ ወይ ምውጋን፣ (ንኣብነት፥ ድምጺ ደወል ተለፎን ምትሓት ወይ ምጥፋእ)

7- ምስትንታት ወይ ዮጋ ምዝውታር

8- ኣድህቦና ካብ ንቡር ንላዕሊ ብቐሊሉ ይስረቕ ምስ ዝህሉ ግን ካልእ ኣእምሮኣዊ ጸገም ከይከውን ምርግጋጽን ናይ ሞያዊ ሓገዝ ምሕታትን።

## ምሕደራ ኣድህቦ ኣብ ዘብረቕርቕ ዘመን

ኣብ ሓደ ግዜ፡ ኣድህቦ ዝሓትት ነገራት ኣብ ከባቢና ብብዝሒ ኣሎ። ይኹን እምበር ኣበየ ነድህቦ ናይ ምምራጽ ናጽነትን ክእለትን ከኣ ተዓዲልና ኢና። እዚ ኣድቦና ናይ ምምእዛንን ምምሕዳርን ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ኣብ ህይወትና ክንጥቀመሉ እንተ ደሊና፡ ንምዕባዩ ግቡእ ስልጠና ክንገብር የድሊ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ካብቲ ኣዛራቢ ዛዕባ ኮይኑ ዘሎ ጉዳይ፡ ንሓደ ነገር ንኽንደይ ግዜ ብኣድህቦ ክንከታተል ንኽእል ዝብል እዩ። ምስ ምምዕባል ተክኖሎጂያዊ መሳርሒታትን መራኸቢ ብዙሓንን፡ ሰባት (ብፍላይ ቈልዑን ኮተቴን) መጠን ኣድህቦኦም እናነከየ ይኸይድ ከም ዘሎ መጽናዕትታት ይሕብር። ኣብ 'Make me Better' ዝበሃል ኣፕሊኬሽን፡ "ሓጸርቲ ቪድዮታት ንውሓት ኣድህቦና የሕጽርዶ?" ዝብል ጽሑፍ "ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ንውሓት ኣድህቦና ይሓጽር ምስ ምህላዉ፡ ብቕልጡፍ ይስልችወና፡ ኣብ ሓደ ነገር ንነዊሕ ግዜ ከነድህብ ንሽገርን ዝጀመርናዮ ኣይንውድእን ኣለና፡" ይብል። ሓደ ካብቲ ጠንቂ ከኣ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ገኒኑ ዝርከብ ሓጸርቲ ቪድዮታት፡ ከም 'Tik Tok'፡ ምዃኑ የረድእ።

ብቕልጡፍ ፍጥነት ዝሓልፍ ስእልታት ዘሎዎ ጸወታ (video game)፡ ፊልምታትን ካልእ ናይ መዘናግዒ ቪድዮታትን ንቘልዑ ኣዝዩ ውዑይ ባህርያት (Hyperactive) ከጥርዩ ከም ዝጸሉ ዝሕብር መጽናዕትታ'ውን ተረኺቡ ኣሎ። እነዘውትሮ መዘናግዒ ቪድዮታት፡ ሓጸርትን ስሉጥን ትሕዝቶ ዘሎዎም መደባት ምስ ዝኾኑ፡ ንሓንጎልና ኣሉታዊ ጽልዋታት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ኣድህቦን ዝኽረትን ሓያል ዝኾነ ዝምድና እዩ ዘሎዎም። ሓንጎልና ሓበሬታ ወሲዱ፡ ኣሰላሲሉ፡ ብዝግባእ ክስንዶ፣ ድሒሩ ኣብ ዝደለናዮ ግዜ ከም እንዝክሮ ገይሩ ክሰርዖ፡ እኹል ግዜ የድልዮ። እዞም ዝበልናዮም ቪድዮታት ግን ዘለዎም ፍጥነት ምስቲ ሓንጎልና ለሚዱዎ ዝጸንሐ ፍጥነት ዘይዛመድ ቅልጣፈ ስለ ዘሎዎም፡ እቲ መስርሕ ምሉእ ኣይከውንን። እዞም ንርእዮም ሓጸርን ፍጡናትን ትሕዝቶታት፡ ካብቶም ብህድኣት እንዕዘቦም መደባት ንታሕቲ፡ ናይ ምዝካሮም ተኽእሎ ኣሎ። ፍጥነት ዘሎዎምን ሓጸርትን ቪድዮታት ምርኣይ ምስ እንለምድ፡ ነቶም ነዋሕቲ ቪድዮታት እናኣሕለፍና ኣብ መጨረሽታ ንበጽሕ። እዚ ኣገባብ ከኣ ነቲ ብግቡእ ክንርእዮን ሓበሬታ ክንወስደሉን ዝግበኣና ትሕዝቶ፡ ጥቕሚ ኣልቦ ይገብሮ።

ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ምስ ኣድህቦን ዝኽረትን ብፍላይ ምስ ጥዕና ኣእምሮ ከኣ ብሓፈሻኡ ዝተሓሓዝ ጸገማት እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ዓለም በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ንደቂ ሰብ ኣገዳሲ ድዩ? ዝብል ሕቶ ንጉድኒ ገዲፍና፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ለውጢ ደቂ ሰብ ምስቲ ዓለም ትሕምበበሉ ዘላ መጠን ፍጥነት ክወዳደር ከም ዘይከኣለ ንምርድኡ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። እዚ ኣዝዩ ፍጡን ዝኾነ ለውጥታት፡ ክንመሃሮ፡ ክንመልኮን ክንጥቀመሉን እኹል ግዜ ስለ ዘይረኸብና፡ ብዘይ ቅርዑይ ኣገባብ ክንላበሶ ተገዲድና ንርከብ። ኣሚንናን ተረዲኡናን ነተግብሮ ብዘይ ምሃላውና ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ንርእዮ ኣለና። ሰባት ንዘሎ ምዕባለ ብዝግባእ ንምርዳእን ኣብ ዘድልዮም ጉዳይ ጥራይ ንምድሃብን ይጽዕሩ'ኳ እንተ'ለዉ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ "ዘይማዕበሉ ድሑራት" ከይበሃሉ ተቐርቂሮም ዘለዉ ኮይኑ ይስምዓካ። ይኹን እምበር ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ 'ምዕባለ'ን 'ድሕረት'ን ዝብል ኣምራት ብኣድህቦ ምትንታኑ ዘድሊ ይመስለኒ።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ፈርናንደስ ድሕሪ ዩናይትድ ናብ ኢጣልያ ወይ ስጳኛ ክግዕዝ ይምነ

ብሩኖ ፈርናንደስ ናይ ማን.ዩናይትድ ዕምሩ ምስ ኣብቅዐ ናብ ኢጣልያ ክምለስ ወይ ድማ ኣብ ላሊጋ ክጻወት ልዑል ድሌት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ውዕሉ ኣብ ኦልድትራፎርድ ኣብ 2027 ዝውዳእ ፈርናንደስ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ፕሮ ሊግ ስዑዲ ክለብ ኣል-ሂላል ኣተከሮ ብምምጻእ 100 ሚልዮን ፓውንድ ከተቐርበሉ ምኳና ገሊጻትሉ ነይራ።

ኣብዝቐደ ቃለ-መሕትት፡ እዚ ወዲ 31 ዓመት ተጻዋታይ፥ ዩናይትድ ንዓመት-ጸወታ 2025/26 ክትገድፎ ፍቓደኛ ምኳና ኣፍሊጡ። ይኹን እምበር ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይቲ ተመሳሳሊ ቃለ መሕትት፡ ፈርናንደስ ኣብታ ክለብ ክቕጽል ከም ዝደሊ፥ ግን ከኣ ብፍላይ ኣብ ስጳኛ ወይ ኢጣልያ ኣማራጺታቱ ክፈትሕ ፍቓደኛ ምኳኑ ገሊጹ።

ፈርናንደስ ኣብ መንጎ 2013ን 2017ን ምስ ኡዲነዘን ሳምፕዶርያን ቅድሚ ምጽዋቱ ምስ ኢጣልያዊት ክለብ ኖቫራ ፕሮፈሽናል ስፖርታዊ ጉዕዞኡ ከምዝጀመረ ይፍለጥ።

ቅድሚ ናብ ስፖርቲን ምቕያሩ፥ ብድምር ኣብ ሰራሕ ምስተን ክለባት 118 ጸወታታት ብምኽያድ፥ 15 ሹቶታት ከመዝግብ ከሎ 13 ከሺኑ።



ፈርናንደስ፥ "ኣብዚ ቦታ ክጸንሕ ከም ዝደሊ ኩሉ ግዜ እዛረብ ነይረ። 100 ሚእታዊት ከምዘይተደልየ ኣብ ዝኣመንኩሉ ህሞት፥ ሽዑ ምስታ ክለብ ተዛራሪብ ክወጽእ ከም ዝደሊ ክዛረብ'የ። ብፍሉይ ግን ኣብ ስጳኛ ተጻዊተ ስለ ዘይፈለጥ፥ ኣብ ላሊጋ ስጳኛ ክፍትን ደስ ይብለኒ። ኣብ ኢጣልያ ምንባር ብፍሉይ የሐጉሰኒ'ዩ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 2020 ናብ ዩናይትድ ካብ ዝጸንበረ ንደሓር፥ ኣብ ፕሪመር ሊግ ልዕሊ ፈርናንደስ ዝተጻወተ ተጻዋታይ የለን፥ 211 ግዜ ተጻዊቱ።

ፈርናንደስ ዝጠዘለ ዕድላት (588) ዝፈጠረ ኮይኑ፥ ካብኡ ዝጠዘለ ኣብርክቶ ሹቶታት ዘለዎ ተጻዋታይ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ (189) ልዕለኡ ዕድላት ፈጢሩ።

ፈርናንደስ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝተጻወተሉ፥ ጸዋእ ኣይተገናጸፈን። ኣብ መጻኢ ናብ ሰረኣ ምስ ዝምለስ ድማ ጸዋእ ንምዕታር ዕላማ ከምዘዝውርር ይዛረብ።

ሓለቓ ጋንታ ዩናይትድ፡ "ምስ ኢጣልያ ብዙሕ ምትእስሳር ኣለኒ። ጓለይ ኣብኡ'ያ ተወሊዳ፥ ቋንቋ ጥልያን ክትመሃር ከም ትደሊ ብቐጻሊ ትዛረብ'ያ" ኢሉ።

ፈርናንደስ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ፖርቱጋል ግና ተመሊሱ ክጻወት መደብ የብሉን። ንሱ፥ ቅድሚ ሸዱሽተ ዓመት ብ68 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ስፖርቲን ናብ ዩናይትድ ምፍራሙ ይዝከር።

## "ጋርነር ክነጽንሖ ዝኽእለና ክንገብር ኢና" ሞየስ

እንግሊዛዊ ኣኽፋፋሊ ጀምስ ጋርነር ኣብዚ ዓመት-ጸወታ ኣብ ኤቨርተን ብሉጽ ብቕዓት የርኢ። ብምህላዉ፥ ካልኦት ክለባት ፕሪመር ሊግ ኣድህቦ ይገብራሉ ኣለዋ።

ይኹን እምበር፥ ዓላሚ ኤቨርተን ዴቪድ ሞየስ፥ ኤቨርተን ምስ ኣርሰናል ኣብ እተካየዶ ግጥም ዳሞጋይ መሳጢ ብቕዓት ከንጸባርቕሉ ትጸቢት ብምምጻእ፥ ንጋርነር ክዕቅቦ ድሌት ከምዘለዎ ይዛረብ።

እዚ ቀንዲ ኣባል ናይ'ታ ክለብ፥ ኣብ 2022 ካብ ማን.ዩናይትድ ናብ ኤቨርተን ከም እተጸንበረ ይዝከር።

ወዲ 24 ዓመት ኣኽፋፋሊ - ጋርነር፥ ኣብዚ ዓመት-ጸወታ ምስ ኤቨርተን ኣብ ዝተሰለፈሉ፥ ድሕሪ ተጻዋታይ ጀምስ ታርኮቨስኪ (1620 ደቒቕ ዝተጻወተ እዩ)፥ ጋርነር ድማ ብ1614 ደቓይቕ ዝጠዘለ ግዜ ኣብ ሜዳ ዝተረኽበ ተጻዋታይ ብምኳን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ደርኩቡ።



ኣብ ማስመር ምክልኻልን ምክፍፋልን ዝጻወት ጋርነር፥ ሓንቲ ሹቶ ኣመዝጊቡ፥ ክልተ ክኸውን እንከሎ፥ 18 ዕድላት ድማ ፈጢሩ።

ይኹን እምበር ጋርነር ውዕሉ ብሓደ ዓመት ከናውሕ ኣማራጺ እኳ እንተሃለዎ፥ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት-ጸወታ ውዕሉ ከምዝዛዘም ይግለጽ።

ሞየስ ነዚ ኣመልኪቱ፥ "ንጋርነር ክኸይድ ኣይምደለኹን። ክለብና ድማ ንኽጽንሖ ዝኽኣለ ኩሉ ክትገብር'ያ ዝብል ግምት ኣለኒ። እቲ ግዜ ምስ ኣኸለ ሓደሽ ውዕል ክፍርም ድማ ተስፋ ንገብር" ኢሉ።

ኣብዚ ዓመት-ጸወታ ዛጊት ኣርባዕተ ብጫ ካርድ ዝወሰደ ጋርነር፥ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኤቨርተን 2-ብ0 ብቸልሲ ኣብ ዝተሳዕረትሉ ጸወታ ቀልጢፉ ክወጽእ እዩ ተገይሩ። ሞየስ ኣብቲ ዝመጽእ ቀዳም ምስ ኣርሰናል ዘቖደ ግጥም ምእንቲ ክጥቀመሉ እዩ ከዕርፎ መዲቡ። ኣብ ዝቕጽል ሰለስተ ጸወታታት ብጫ ወረቐት እንተተወሲኹዎ ድማ ንሓደ ጸወታ ክእገድ'ዩ።

ተጻወትቲ እድሪሳ ገየን ኢሊማን ንድያየን ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ስለ ዘምርሑ፥ ዱውስበሪ-ሆል ድማ ማህረምቲ ስለዘጋጠሞ፥ ሞየስ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ ኣይደለየን።

ንሱ፥ "ጸወታ ክውዳእ 10 ደቒቕ ምስ ተረፎ ኣውጺእናዮ። ንዝቕጽል ጸወታታት መታን ክጠቕመና፥ ብፍላይ ድማ እቶም ናብ ግጥማት ኣፍሪካ ዝኸዱ ተጻወትቲ ስለዘለዉና" ብምባል እዚ ተጻዋታይ ክዕቅቦ ዝደለየሉ ምኽንያት ገሊጹ።

## ቶተንሃም ንኣጥቃዓይ ጆንሰን ንምሻጥ ማዕጾኣ ተርሒ

ቶተንሃም ዕወት መዛዘሚ ግጥም ሊግ ኤውሮጳ ንዝሸኮ ብሬናን ጆንሰን ናብ ዕዳጋ ከምእተውርዶ ይግለጽ ኣሎ። ብሬናን ጆንሰን ኣብታ ክለብ ዘየርጉጽ መጻኢ ይገጥሞ ኣብ ዘለወሉ እዋን፥ ክለባት እንግሊዝ ኣብ ልዕሊኡ ዘርኢያኦ ተገዳስነት እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ።

ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፥ ቶተንሃም እዚ ኣህጉራዊ ተጻዋታይ ክትሸጦ ብንጥፈት እኳ እንተዘይፈተነት፥ ምቹእ ዕድል እንተረኺባ ማዕጾኣ ክፉት ምኳኑ ትሕብር።

ክሪስታል ፓላስ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ጆንሰን ዝያዳ ተገዳስነት ኣሕዲራ ዘላ ክለብ ኮይና፥ ካልኦት ክለባት'ውን ኣብ ምክትታሉ ከምዝርከባ ይሕበር።

ጆንሰን ዝሓለፈ ዓመት 11 ሹቶታት ብምምዝጋቡ ኣብ ፕሪመር ሊግ መራሒ ዝከበረ ኣመዝጋቢ ሹቶ ኮይኑ፥ ስሙ ኣብ ቶክሉር ስፓርስ ብምቕራጹ፥ ኣብ በልባኡ ኣብ ልዕሊ ማን.ዩናይትድ ኣብ ዘቖደቶ ናይ መወዳእታ ዓወት ሊግ ኤውሮጳ ሹቶ ብምምዝጋቡ ኑቲ 17 ዓመታት ዝወሰደ ትጽቢት ጸዋእ ክለቡ መኽተምታ ገይሩሉ።



እንተኾነ፥ ዓላሚ ኣንጀ ፖስተኮግሎን ካብታ ክለብ ድሕሪ ምውጽኡ፥ ምስ ምምጻእ ቶማስ ፍራንክ፥ ጆንሰን ኣብዚ ዓመት-ጸወታ ዝበሮ ዕዙዝ ተራ ቀኒሱ እዩ።

እዚ ወዲ 24 ዓመት፥ ኣብዚ ዓመት-ጸወታ ኣብ ትሕቲ ፍራንክ ሸዱሽተ ጸወታታት ጥራይ'ዩ ተሰሊፉ።

በዚ ድማ፥ ብርክት ዝበላ ክለባት ቅድሚ ማሰኮት ምስዓጋር ተጻወትቲ ምዕጻው፥ ዓይኒ ኣንቢረናሉ ኣለዋ።

ጆንሰን ኣብ ክረምቲ 2023 ካብ ኖቲንግሃም ፎረስት ብ47.5 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ቶተንሃም ዝተጸንበረ ኮይኑ፥ 27 ሹቶታት ነታ ክለብ ኣመዝጊቡላ።

# ኤንዞ ማሬስካ መተካእታ ጓርድዮላ ናብ ሲቲ . . .

ዓላሚ ቸልሲ ኤንዞ ማሬስካ ኣብ ዝርዝር ተተካእቲ ፐፕ ጓርድዮላ ክኾኑ ካብ ዝኽእሉ ኣሰልጠንቲ ማንሲቲ፥ ኣብ ቅድሚት ከም ዝስርዕ ይግለጽ ኣሎ።

እዚ ኢጣልያዊ ኣሰልጣኒ፥ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ስታድዩም ኢትሓድ ክልተ እብረ ምጽንሑ ዝፍለጥ ኮይኑ፥ እቲ ሓደ ካብ ልዑል ዋጋ ዘለዎም ኣሰልጠንቲ ፕሪመር ሊግ ዝኾነ ፐፕ ጓርዲዮላ ዕምሪ ስልጣኑ ምስ ኣኽተመ፥ ንሳልሳይ እብረ ናብ'ቲ ሜዳ ክምለስ ተኽእሎ ኣሎ።

ክሳብ 2027 ኣብ ውዕል ዘሎ ጓርድዮላ፥ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት-ጸወታ ካብ ጸወታ ክይእለ ስግኣት ኣሎ።

ሲቲ፥ ንጓርድዮላ ዝመጣጠን ተካኢ ክትረክብ ሃንቀውታ ኣለዋ።

ማሬስካ ኣብ ዝሖ መግለጺ፥ "ኣብ ኢትሓድ ክፋት ቦታ እንተተፈጢሩለይ ብዘበቕዓት ክቐርብ ትጽቢት ኣለኒ" ኢሉ።

ካብኦም ሲቲ ሓጽያቶም ዘላ ዓለምቲ ዝለዓለ ግምት ተዋሂቡዎ ምህላዉ ድማ ጸብጻባት ስፖርት ይእምቱ።

ካብ 2024 ጀሚሩ ኣብ ስታንፎርድ ብሪጅ ዝዕልም ዘሎ ማሬስካ፥ ኣብ ዓመት-ጸወታ 2020/21 ምስ ትሕቲ 21 ዓመት ክለብ ሲቲ ሰሪሑ፥ ንፓርማ ንሓጺር እዋን ድሕሪ ምስልጣኑ ኣብዚ እዋን'ዚ ንቸልሲ ይዕልም ኣሎ።





ክሳብ 2029 ኣብ ምዕራብ ለንደን ዘጽንሖ ውዕል ዘለዎ ማሬስካ፥ ቸልሲ በዚ ውዕላት ን12 ኣዋርሕ ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ተኽእሎ'ውን ኣዋዲዳትሉ ኣሎ። ማሬስካ ግን ካብ ተጻወትቲ ዝጥጥሞ ዘሎ ዘይምቕዓው፥ ንመጻኢኡ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ምኳኑ ይንገር።

ካብ ናይ ሊግ ኣርባዕተ ጸወታታት እንኮ ዓወት ከየምጽአ ዝጸንሐ ማሬስካ፥ ኣማሕያኡ ኣብ ልዕሊ ኤቨርተን 2-ብ0 ድሕሪ ምስዓር፥ "እቶም ተጻወትቲ ከመሃሩ ዝደልዩሉ ኣገባብ ፍሉይ'ዩ ነይሩ፥ በዚ ድማ'የ ዝሕጎስ - ምኽንያቱ ምስ ብዙሕ ጸገማት፥ ድሕሪ ዝተሓለፈ ሰሙን ኣዝዩ ጽቡቕ ወጽኢት ደሪኽቡ ኣለው። ኣነ ናብታ ክለብ ካብ ዝጽንበር፥ እተን ዝሓለፋ 48 ሰዓታት ዝኸፍኣ'የን ነይረን ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት ይደግፉኒ ኣይነበሩን" ኢሉ።

ጓርድዮላ ብወገኑ፥ ሊድስ ንቸልሲ 3-ብ1 ድሕሪ ምስዓራ፥ ብዛዕባ ማሬስካ ተዛሪቡ ነይሩ። "እንታይ ከም ዝጋጠመ ርእዩ። ሓደ ካብኦም ዝበለጹ ኣሰልጠንቲ ማሬስካ፥ ኣጸቢቑ እፈልጦ'ዩ። ግን መንእሰይ ዝሓቖፈት ክለብ ሒዙካ ናብ ዋንጫ ዓለም ክለባት ኮንፈረንስ ሊግን ሻምፒዮንስ ሊግን ምሕላፍ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ስለዚ'ዩ እዚ ወጽኢት ተራእዩ" ኢሉ።

ዓላሚ ባየርን ሙኒክ ቪንሰንት ኮምፓኒ እውን ምስ ሲቲ ጸንዑ ርክብ ዘለዎ ኣሰልጣኒ'ዩ። ከም ሓለቓ ጋንታ ኮይኑ ንሲቲ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ከዕትራ ዝኸኣለ'ዩ ነይሩ። ሓደ ካብኦም ንጓርድዮላ ክትክኡ ተኽእሎ ዘለዎም ዓለምቲ ኮይኑ ድማ ተሓጺዩ ኣሎ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያ፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ቬንዙዌላ ጌጋ ከይፍጽም ተማሕጺና

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፈደረሽን ሩሲያ፡ ምምሕዳር ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ቬንዙዌላ ኣዕናዊ ጌጋ ከይፍጽም ስግኣት ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ እቲ ብፕረዚደንት ኒኮላስ ማዱሮ ዝምራሕ መንግስቲ ቬንዙዌላ ጸቕጢ ኣብ እተሐይለሉ ዘላ እዋን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እገዳ ዝወሰለን መራኽብ ናብ ቬኑዙዌላ ከይኣትዋን ካብታ ሃገር ከይወጻን ዝኽልክል ትእዛዝ ምትሕልላፉ ዝዘከር እዩ።

እቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣብ ዘውጸኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ እቲ ብርትዓውነቱን ብቑምነገሩን ዝልለ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ቬኑዝዌላ ዓቢ ጌጋ ከይፍጽም ተስፋ ከም ዘለዎ ገሊጹ።



እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ቬንዝዌላ ምስ ሃገሩ ድልዱል ምሕዝነት ከም ዘለዋ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣመሪካ ንመላእ ምዕራባዊ ንፍቀ ክቢ ኣብ ዘይተሓስበ ሓደገኛ ኩነታት ከይተእቱ ተማሕጺኑ።

ዝኾነት ሃገር ናይ ጉዳእ ርእሳ መራሒ ክትመርጽ መሰል ከም ዘለዋ ዝገለጸ እቲ ሚኒስትሪ፡ ካልኦት ሃገራት ከኣ ነቲ መሰል ክኸብርኦ ግዴታ ከም ዘለወን ወሲኹ ኣተሓሳሰበ።

## ቬንዙዌላ፡ ብምፍርራሕ ትራምፕ ከም ዘይትምብርከኽ ኣፍሊጣ

ፕረዚደንት ቬንዝዌላ ኒኮላስ ማዱሮ፡ ኣመሪካ፡ ነቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ኣውዲቃ ነታ ሃገር ክፋል ግዝኣታ ክትገብራ ትደሊ ከም ዘላ ኣብቲ ብቴለቪዥን ሃገሩ ዝመሓላለፈ መግለጺ ከሲሱ።

ፕረዚደንት ኒኮላስ ነቲ ካብ ዋሽንግተን ዝመጽእ ዘሎ ተደጋጋሚ ምፍርራሓትን



እገዳታትን እውን "ዲፕሎማስያዊ ባርባርነት" ክብል ገሊጽዎ።

ኣመሪካ ኣብ ካራኣብ ንመዓልታት ክጸንሕ ዘይክእል 'ኣሻንጉሊት መንግስቲ' ክተቐውም ትጽዕር ከም ዘላ ዝገለጸ ፕረዚደንት ማዱሮ፡ እቲ ኣብ ሃገሩ እተካየደ ዘላ ወፍሪ ንባህርያዊ ጸጋታት ቬኑዝዌላ ንምዝማት ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ማዱሮ፡ ኣመሪካ እትጽዕረሉ ዘላ ኣብታ ሃገር ከርከር መንግስቲ ናይ ምቛም ወጥኑ ፈጺሙ ከም ዘይሰምር ከኣ ወሲኹ ኣገንዘበ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንመንግስቲ ቬንዝዌላ "ናይ ወጻኢ ጉብረ ሽበራዊ ትካል" ኢሉ ድሕሪ ምጽዋዑ፡ ቬንዝዌላ ኣቐዲማ ኑዳድን ካልእ ንብረትን ኣመሪካ ከም ዝዘመተት ከሲሱ።

## "ዩክሬን ሎሚ ዓመት 500 ሽሕ ወተሃደራት ከሲራ" ሚ/ምክልኻል ሩሲያ

ዩክሬን ኣብዛ ዓመት እዚኣ ጥራይ ከባቢ 500 ሽሕ ወተሃደራት ከም ዝኸሰረት፡ ሚኒስትር ምክልኻል ፈደረሽን ሩሲያ ኣንድሬይ ቤሎሶቭ ሓቢሩ።

ሚኒስትር ቤሎሶቭ ኣብቲ



ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ዝተሳተፎ ኣኼባ ቦርድ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ናይ ምውጋእ ዓቕሚ ዩክሬን ብኾባቢ ሓደ ሰሶ ከም ዝሸሞ፡ እዚ ድማ ነቲ ኪየቭ ዳግማይ ዓቕሚ ሰራዊታ ናይ ምድልዳል ተኽእሎኣ ከም ዘዳኸሞ ገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ሚኒስትር ዝሃቦ ጸብጻብ፡ ዩክሬን ኣብዛ ዓመት እዚኣ፡ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብዕጽፊ ዝዛይድ፡ ማለት ልዕሊ 103 ሽሕ ኣጽዋርን ወተሃደራዊ ናውትን ከሲራ።

## ቀጠር ንእስራኤል ትኸስስ

ቀዳማይ ሚኒስተር ቀጠር ሸኽ መሓመድ ቢን ዓብደልራሕማን ቢን ጃሲም ኣልሳኒ፡ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ መግለጺኡ፡ እቲ ዝቐጽል ምዕራፍ ናይ'ቲ ስምምዕ ብቐልጡፍ ክትግበር ድሕሪ ምጽዋዑ፡ እስራኤል ነቲ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ደው ክተብልን ሰብኣዊ ሓገዛት ከኣ ብዘይ ቅድመ ኩነት ናብቲ ወሸመጥ ክኣቱን ተማሕጺኑ።

ንሱ ወሲኹ፡ ምድንጓይ ተግባራውነት ናይ'ቲ ስምምዕ ሰላምን ብእስራኤል ዝካየድ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታትን፡ ንመላእ እቲ ስምምዕ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ፡ ነተን ሸምገልቲ ሃገራት ከኣ ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት ዘእቱ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እስራኤልን ሓማስን፡ ዝሓለፈ 10 ጥቅምቲ ተኹሲ ከቋርጹ እኳ እንተ ተሰማምዑ፡ እስራኤል ግን ነቲ ስምምዕ ብውሑዱ 738 ግዜ ጥሒሳ ኣብቲ ወሸመጥ ብዝፈጸመቶ መጥቃዕትታት፡ ከባቢ 394 በርጌስ ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 1,075 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ልኡኽ ሩስያ ናብ ኣመሪካ ከምርሕ እዩ ተባሂሉ

ኣብዚ ሰሙን እዚ፡ ዲፕሎማስያዊ ልኡኽ ፈደረሽን ሩሲያ ኣብ ግጭት ሃገሩን ዩክሬንን ኣመልኪቱ ምስ ወከልቲ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ንኽዘራረብ ናብ ኣመሪካ ከምርሕ ምዃኑ፡ ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

እቲ ብኪሪል ዲሚትሪየቭ ክምራሕ ምዃኑ ዝግለጽ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ልኡኽ ፈደረሽን ሩሲያ፡ ኣብ ቀዳመ ሰንበት ምስ ፍሉይ ልኡኽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝኾነ ስቲቭ ዊትኮፍን ጃረድ ኩሽነርን ኣብ ሚያሚ ክራኸብ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ፡ 'ኣክሲዮስ' ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣነጺሩ።

ስቲቭ ዊትኮፍን ጃረድ ኩሽነርን፡ ኣብዚ ሰሙን እዚ ምስ ወከልቲ ዩክሬን ብምርኻብ፡ ብዛዕባ ንኪየቭ ክወሃብ ዝኽእል ጸጥታዊ ውሕስነት ኣመልኪቶም ዘተ ከም ዘካየዱ ተገሊጹ ኣሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 19/12/2025 | ጎደና 195፡ 6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ኂ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services